# ሓዳስ ኤርትራ

መበል 36 ዓመት ቁ.45 | ሓሙስ 22 ጥቅምቲ 2026 | ገጻት 12 ዋጋ 2.00 ናቕፋ


ገጽ 3
ምወላ ዋኒንን ኣገዳስነቱን




ገጽ 5
ገለ ብዛዕባ ፍቕሪ...



ገጽ 7
ምልክታ

ገጽ 9
ግርጭታትን ኣፈታትሓኡን ኣብ ሓዳር



ገጽ 11
ሻምፒዮን ኣፍሪቃ - ያፌት ወርቂ፡ መርሃዊ ብሩር...




## ማሕበረኮም ኤርትራውያን ነበርቲ ጅዳን ከባቢኣን፡ ጉባኤ ኣቃኒዑ








ማሕበረኮም ኤርትራውያን ነበርቲ ጅዳን ከባቢኣን - ስዑዲ ዓረብ፡ “ማሕበረኮምና ንምምዕባል መሳርዕና ነስጥም” ብዝብል ቴማ፡ 9ይ ጉባኤኡ ብ15 ጥቅምቲ ኣቃኒዑ።

ኣብ'ቲ ጠቕላሊ ቈንስል ኣብ ጅዳን ከባቢኣን ኣቶ ዓብደልራሕማን ዑስማን፡ ሓላፊ ህዝባውን ኮማውን ጉዳያት ኣቶ ኣሕመድ ጃዕፈር፡ ከምኡ'ውን ሓለፍቲ ሃገራውያን ማሕበራትን ውዳበታትን ዝተረኽቡሉ ጉባኤ፡ ኣቦመንበር ማሕበርኮም ኣቶ ዓብደልቃድር ማሊክ፡ ናይ ዝሓለፈ ሰለስተ ዓመታት ንጥፈታት ጸብጻብ ከቕርብ ከሎ፡ ብልጫታትን ድኽመታትን ዝተዓመ ስራሕ ተገምጊሙ።

ጠቕላሊ ቈንስል ኣቶ ዓብደልራሕማን ዑስማን ኣብ ዘስመዖ ቃል፡ ማሕበርኮም ንምድልዳልን ድሌታት ኣባላት ንምምላእን፡ ኣብ ማሕበራዊ ንጥፈታት ዝህሉ ተሳትፎ ንምዕዛዝ ዘየዳ ጻዕሪ ምኽያድ ኣገዳሲ ምዃኑ ገሊጹ።

ኣብ መወዳእታ ጉባኤኛታት፡ ንዝቐጽል ሰለስተ ዓመታት ዘገልግልዎም ኣባላት ማእከላይ ባይቶን ፈጻሚት ሽማግለን መሪጾም።

## ጊንዳዕ - ብቕዓት ትምህርቲ ንምሕያል ዝዘተየ ርክብ ተኻዪዱ

ኣብ ጊንዳዕ፡ ብቕዓት ትምህርትን ተወዳዳርነት ተመሃሮን ኣብ ኩሉ ደረጃታት ብፍላይ ድማ ኣብ ማእከላይ ደረጃ ንምብራኽ፡ ኣብ ምድልዳል ስሉጥ ዝምድና ወለዲ፡ መምህራንን ተመሃሮን ብዝብል ኣርእስቲ ጸወታ ቀሪቡ።

ወጽኢት ሃገራዊ መርመራ 8ይ ክፍሊ ንምምዃን ብ17 ጥቅምቲ ኣብ ዝተኻየደ ኣኼባ፡ ሓላፊ ቤት-ጽሕፈት ትምህርቲ ኣብ'ቲ ንኡስ ዞባ መምህር ሱሌማን ማሕሙድ፡ ብቕዓትን ወጽኢትን ተመሃሮ ንምምሕያሽ ምስ ጸለውቲ ኣካላት ብምትሕብባር ቀጻሊ ጻዕሪ ይካየድ ከምዘሎ ብምብራህ፡ ኣብያተ-ትምህርቲ ምስ ኣመሓደርቲ፡ ወለድን መምህራንን ተወሃሂደን ክሰርሓ፡ ብቕዓት መምህራን ዘበርኽ ስልጠናታት ድማ ብስሩዕ ክውሃብ መደብ ከምዘሎ ገሊጹ።

ርእሰመምህራን ኣብ ዘቕረብዎ ጸብጻብ፡ ብኩራት ተመሃሮን መምህራንን ትሑት ምክትታል ወለዲ፡ ከምኡ'ውን ዘይንጡፍ ተሳትፎ ተመሃሮ ብሓፈሻ ናይ ደቂኣንስትዮ ድማ ብፍላይ ካብ ቀንዲ ጠንቅታት ምትራፍ ከምዝኾነ ኣብሪሆም።

ሓላፊ ጨንፈር ትምህርቲ ዞባ ሰ/ቀ/ባሕሪ መምህር ረሺድ መሓመድ-ዑስማን ብወገኑ፡ መሻርኽቲ ኣካላት ብሓፈሻ፡ መላእ ሕ/ሰብ ድማ ብፍላይ እጃሞም ከበርክቱ ብምዝኽኻር፡ ጠንቂ ትሑት ወጽኢት ንምፍዋስ፡ ርእሰ መምህራን ቀጻሊ ምክትታል ክገብሩ፡ ሱፐርቫይዘራት ድማ ደረጃን ብቕዓትን ተመሃሮ ክብ ንምባል ዕዙዝ ክኾኑ ጸዊዖም።

ተሳተፍቲ ብወገኖም፡ ብድሆታት ብዝበለጸ ተለልዮም ፍታሕ ክረኽቡ፣ ንመርመራ ዝዳሎ ሕቶታት ድማ ንብቕዓት ተመሃሮ ኣብ ግምት ዘእተወ ክኸውን ተላብዮም።

ኣብ መወዳእታ፡ ኣካያዲ ስራሕ ምምሕዳር ንኡስ ዞባ ጊንዳዕ ኣቶ ይሓይሽ ገብረስላሴ፡ መሰረት ምምሃርን ምስትምማርን ብሓፈሻ፡ ብቕዓት ተመሃሮ ድማ ብፍላይ ንምምሕያሽ ኣብ መሰረታዊ ትምህርቲ ኣተኩሮ ክግበር ብምልባው፡ ተራ ኣመሓደርቲ ከቢ ክዕዘዝ ጸዊዑ።

ኣብ ንኡስ ዞባ ጊንዳዕ ካብ ቅድመ-ትምህርቲ ክሳብ ካልኣይ ደረጃ ዝዘርግሓ 72 ኣብያተ-ትምህርቲ ኣለዋ።

## ኣብ ሃገራዊ መወከሲ ሆስፒታል ኦሮታ፡ ንቈልዑ ዕዉት መጥባሕቲ ልቢ ተኻዪዱ

ብምትሕብባር ኤርትራውያንን ኣብ ከተማ ማሳ - ኢጣልያ ዝመደበሩ “ጉጅለ ሓካይም ባምቢኒ”ን ካብ 9 ክሳብ 20 ጥቅምቲ ኣብ ሃገራዊ መወከሲ ሆስፒታል ኦሮታ ን325 ህጻናትን ቈልዑን ዕዉት መጥባሕቲ ልቢ ተኻዪዱ።

እቶም ካብ መላእ ሃገር ዝመጹ ህጻናትን ቈልዑን፡ ህጹጽ ሕክምና ዘድልዮም ዝበሩ ኩይናም፡ ኣብ ክሊ ዕድመ ክልተ ሰሙን ክሳብ 19 ዓመት ከምዝርከቡ፡ ሓላፊት ሆስፒታል ህጻናት ፕሮፌሰር ጽገረዳ ጉብረህይወት ገሊጻ።

መጥባሕቲ ዝተኻየደሎም፡ ምስ ሕማም ልቢ ዝተወልዱን ድሕሪ ምውላዶም ብዝተፈላለየ ምኽንያት ዘጋጠሞምን ምዃኖም ድማ ኣብሪሃ።

ካብ 2002 ኣትሒዙ ኣብ'ቲ ሆስፒታል ንልዕሊ 1,700 ህጻናትን ቈልዑን መጥባሕቲ ከምእተኻየደ ዝጠቐሰት ፕሮፌሰር ጽገረዳ፡ እዚ መደብ ኣብ ምውርራስ ተመኩሮን ምትሕልላፍ ቴክኖሎጂካዊ ፍልጠትን ዓቢ ተራ ከምዘለዎ ኣዘኻኺራ።

ጠርናፊ ኢጣልያዊ “ጉጅለ ሓካይም ባምቢኒ” ዶ/ር ብሩኖ ሙርዚ ብወገኑ፡ ካብ 2006 ኣብ ዓመት ክልተ ግዜ እናመጹ ኣገልግሎት መጥባሕቲ ከምዝህቡ፣ ሎሚ ዓመት ድማ 20 ኣባላት ሒዞም ብምምጻእ ተልእኾኦም ብጽፉፍ ከምዝሰለጡ ብምሕባር፡ ንተራ ኤርትራውያን ሓካይም ኣብ'ቲ ስራሕ ኣመስጊኑ።

ርእሰ ነርስ ሰስተር ኣማረሽ ዘርኣይ ድማ፡ ዝተኻየደ መጥባሕቲ ዕዉት ምንባሩ ብምግላጽ፡ ኣብ'ቲ ዕዮ ዝሳተፉ ዘለዉ ኤርትራውያን ሰብ ሞያ ሕክምና፡ ካብ እዋን ናብ እዋን ተመኩሮ እናደለቡን ብቕዓቶም ክብ እናበለን ይመጽኡ ከምዘለዉ ሓቢራ።


ሰኣሊ-የውሃንስ መብራህቱ

# “ዘይቀደሙ’ውን መጻጽ’ያ ነይራ” በለት ወኻርያ!

**ርእሰ ዓንቀጽ**

ኣብ ሕብረተሰብና፡ ወኻርያ ዝበኣላ ኩሉ ፈቲና ምርኣብ ንዘሰኣነታ ፍረ፡ “ዘይቀደሙ’ውን መጻጽ’ያ ነይራ” በለት! ዝብል ብሂል ወይ ምስላ’ሎ። እዚ ሪዚን ትርጉም ዘለዎ ኣበሃህላ፡ ኣላሽ ዝበለን ተሰፋ ዝቑረጸን ንዘዘረቦ ዝውክል’ዩ።

ቀዳማይ ሚኒስተር ሰልፊ ብልጽግና ኣብ’ቲ ብ19 ጥቅምቲ ብቋንቋ ትግርኛ ዝሃቦ - ብሓያል ናይ ኣርትዖት ማስርሕ ዝሓለፈን ኣቐዲሙ ዝተመልአን ንብብ ምግሉ ዝቐልል ቃለ-መሕትት ብዛዕባ ኤርትራ ዝበሎ፡ ካብ’ዚ ናይ ወኻርያ ዝፍለ ትርጉም ዝወሃቦ ኣይኮነን።

ኣብ’ዚ ብቴለቪዥን ኢትዮጵያ ዝተፈነወ ቃለ-መሕትት፡ ምርኣይ ቀዳማይ ሚኒስተር ብልጽግና፡ ንቑጠባ ኤርትራ ብቐንዱ ድማ ንጽላት ኢንዱስትሪ ኣመልኪቱ ከይተሓተተ ኣብ ዝሃቦ መልሲ፡ ድሕሪ ናጽነት ኣብ 1991 “ደኽዲኹ ወይ ዓንዩ” ክብል መዲሩ። ንእግረ-መንገዱ’ውን ምስ “ልኡላዊ ማሰኮት ባሕሪ”ን “ህላወ ሓይሊ ባሕሪ” ኣብ ገምገም ባሕሪ ኤርትራን ኣተኣሳሲሩ ኣብ ዝሓለፈ ሰለስተ ዓመታት ኣንጻር ኤርትራ ከካይዶ ንዘጸንሐ ቅሉዕ ናይ ወራርን ጠሓርኩኹምን ታህዲድ፡ ብኩልእ ምስምሲ ቋንቋን ኣገቢሩ ደጊምዎ’ዩ።

ናብ’ቲ ንቑጠባዊ ቀመና፡ ዓቕምን ተኽእሎን ኤርትራ ኣመልኪቱ ዝሃቦ ኣናሻዊ ዘረባ ንምምላስ፡ እዚ ዝስዕብ ሓቅታት ምጥቃስ ኣይጽላእን፦

1. ኣብ ዝሓለፈ 35 ዓመታት፡ ኢትዮጵያ ልዕሊ 80 ቢልዮን ዶላር ኣመሪካ ዝጸሕ ኣዝዩ ገዚፍ ግዳማዊ ደገፍ’ያ ረኺባ።

2. ኢትዮጵያ፡ ብኣላይነት ዓለማዊ ባንክ ክልተ ግዜ ዕዳኣ ተሰሪዙላ’ዩ። ጎኒ-ጎኒ፡ ብኣህጉራዊ ማሕበረ ገንዘብን ካልኦት ተኸፊብትን ተደጋጋሚ ገንዘባዊ ምወላ ተገይሩላ። ኣብ መንጎ’ዚ ግዜ’ውን ንዓሰርተ ዓመታት ንዘተኸሰተ ከቢድ ሰብኣዊ ቅልውላው፡ ኣህጉራዊ ማሕበረሰብ ብስም’ቲ ልሙድ “ማሕበራዊ ሴፍቲ ኔት”ን ካልኦት ኣገባባት “ጸዑቕ ክንክንን” ብዝበሃል ገንዘባዊ ደገፍ’ያ ሰጊሩቶ።

3. እዚ ኣብ ስልጣን ዘሎ ስርዓት’ውን ንባዕሉ፡ ኣብ ዝሓለፈ ሸሞንተ ዓመታት ዝረኸቦ ኣህጉራዊ ሓገዝ ልዕሊ 30 ቢልዮን ዶላር ኣመሪካ ይዳረግ። ብተወሳኺ፡ ዝተረኸመሸ ቁጠባ ናይ’ታ ሃገር፡ ብ3.1 ቢልዮን ዶላር ኣመሪካ ዝትመን ተወሳኺ ናይ ኣህጉራዊ ማሕበረ ገንዘብ ሓፍኽ’ዩ ክስርር ዝጸዓረሉ ዘሎ።

4. ምስናይ’ዚ ኩሉ ናይ ደገፍ ባሕታት፡ ኣብ’ዚ እዋን’ዚ - ልዕሊ 68 ሚእታዊት ካብ ህዝቢ ኢትዮጵያ ኣብ ክቱር ድኽነት ዝነብር ክኸውን ከሎ፡ ኣሰታት 30 ሚልዮን ድማ ተጸባዪ ህጹጽ ሰብኣዊ ረድኤት’ዩ።

5. ንኤርትራ ብዝምልከት፡ ቀዳማይ ሚኒስተር ብልጽግና ዝኣመተሎን 300 ፋብሪካታት፡ ኣብ እዋን መግዛእቲ ጥልያን ካብ 1889 ክሳብ 1941 ዝተደኮናየን። ወተሃደራዊ ምምሕዳር ብሪጣንያ ድማ፡ ከም “ናይ ውግእ መኽሰብ”ን ኑቲ “ኤርትራ ብቑጠባ ነፍሳ ኣይትኽእልን’ያ” ዝብል ውዲት ባይታ ንምጥጣሕን ንዝበዙሓ ካብኣተን - እንተላይ መዐሸጊ መራኽብ ምጽዋዕ - ናብ ካልኦት ሃገራት ሸይጥዎ። መግዛእታዊ ስርዓት ሃጼ ሃይለስላሴ’ውን እንተኾነ፡ ብፍላይ ኣብ እዋን “ፌደረሽን” ንሓያሎ ካብ’ተን ፋብሪካታት ናብ ኢትዮጵያ’ዩ ኣግዒዘወን።

6. ድሕሪ’ቲ ብከቢድ መስዋእቲ ኣብ 1991 ዝተረጋገጸ ናጽነት፡ ኤርትራ ኣብ’ተን ቀዳሞት ሸውዓተ ዓመታት ቅልጡፍ ቁጠባዊ ሕውየትን ዕቤትን’ያ ኣመዝጊባ። እዚ ሰነዳት ዓለማዊ ባንክ ዝምስክሮ ሓቂ’ዩ። እንተኾነ፡ ሰዒቡ ዝመጸ ዝተሰገደደ ኩናታትን ዘይምኽኑይ እገዳታትን፡ ዚ ኩጋዘዚ በቲ ዝደለ ናህሪ ንኸይገዓዝ ገቲእዎ’ዩ።

7. እዚ ግዳማዊ ማሕለኻታትን ተጽዕኖታትን፡ ምስ ክፉትት ኤርትራ ንወፍሪ ቁጠባዊ ፖሊሲታታን ራኢኣን ዝኹነ ዘተኣሳሰር የብሉን።

8. ግዱ ሓቂ፡ ኤርትራ - ቅልጡፍን ዘላቒን ልምዓት ናይ ምርግጋጽ ባህጊታታ ንምስማር ዝሕግዞ ኣዝዩ ገዚፍ ቁጠባዊ ዓቕሚ’ዩ ዘለዋ። እዚ ድማ፡ ጸጋታት ባሕሪ፡ ዕድና፡ ምህርን ጻዕራምን ሰባዊ ርእሱማል፡ ስልጡን ባህሊ ሰራሕን ምንባብርን፡ ሃይማኖታውን ማሕበራ ባህላውን ብዙሕነት፡ ከምኡ’ውን ድልዱል ሓድነት የጠቓልል።

9. ኣብ መወዳእታ፡ ኢትዮጵያ ንኡብሳ ካብ ረማሲ ወልፊ ትኣጎን ግዳማዊ ጽግዕተኛነትን ኣግሊላ፡ ንዘለዋ ገዚፍ ጸጋታት ንሓቀኛ ልምዓት ብዘዮኮኣ ምስ እትጥቀመሉ፡ ኣብ ዝበለጸ ደረጃ ክትበጽሕ ትኽእል’ያ። እዚ ክኸውን ዝኽእል ግን፡ መራሕታ ካብ’ቲ ንሕብረተሰብ ንትኹል ብምትፍናን ጠንቂ ቀጻሊ ውሽጣዊ ግጭት ኮይኑ ዘሎ ከፋፋሊ ፖሊሲታት፡ ከምኡ’ውን ጠንቂ ዞባዊ ዘይምርግጋእ ዝኾኑ ኣስፋሕፋሒ ፕሮጀክትታት ምስ ዝሕደጉ ጥራይ’ዩ።

# መንደፈራ - ብሞያ ዝሰልጠኑ መንእሰያት ተመሪቖም

ኣብ ንኡስ ዞባ መንደፈራ፡ ብዝተፈላለዩ ሞያታት ክስልጥኑ ዝጸንሑ 227 መንእሰያት፡ ብ17 ጥቅምቲ ተመሪቖም።

እቲ ካብ ሰለስተ ክሳብ ሽዱሽተ ኣዋርሕ ብግብርን ክልሰ-ሓሳብን ተሰጊዩ ዝተዋህበ ስልጠና፡ ቴክኖሎጂ ኮምፕዩተር፡ ሰፍሳፊ ጽጉራ፡ ምዝርጋሕ ማስመራት ኤለክትሪሲቲ፡ ከምኡ’ውን ምውዳድ ሳትላይት ድሽን ጹሓያዊ ጸዓትን የጠቓልል።

ሓላፊ ሃማመተኤ ኣብ’ቲ ንኡስ ዞባ ኣቶ ሳልሕ መሓመድ-ሰዒድ ኣብ ዝሃቦ ሓበሬታ፡ እቲ ዕላማ - ሞያዊ ዓቕሚ መንእሰያት ምዕባይ ምዃኑ ብምጥቃስ፡ 195 ካብ ሰልጠንቲ ብሰሞዊ ክፍሊት፡ እቶም ካልኦት ድማ ብናጻ ከምዝተማህሩ ሓቢሩ።

ኣመሓዳሪ ንኡስ ዞባ መንደፈራ ኣቶ ህዝቅያስ ወሃብት ብወገኑ፡ ሰልጠንቲ ንዝወሰድዎ ስልጠና ኣብ ግብሪ ብምትርጓም፡ ሞያዊ ዓቕሞም ከዕብዩን ምንጪ ቁጠባዊ ኣታዊታቶም ከውሕሱን ተላቢዩ።




## ብዘይካ ሰኑይ መዓልታዊ እትሕተም ጋዜጣ

**ዋና ኣሰናዳኢ**
ብርሃነ ምሕረትኣብ

**ምክትል ኣሰናዳኢ**
ዓብደልቃድር ኣሕመድ

ቍ.ስ 116266 / 201820 (256)

**ቦርድ ምስንዳእ**
ዮሴፍ ሃይለማርያም
ምሉእብርሃን ሃብተገብርኤል
ተስፋኣለም የማነ
ሙሴ ገ/እግዚኣብሄር

ቍ.ስ 201820 (250)
ፋክስ. 127749 - ቍ.ሳ.ጸ. 247

**ለይ-ኣውት**
ፍርቱና ኤፍሬም   ትንሱእ ፍስሃየ
ሳምራዊት ሃብተ   ሰሎሜ ኣፈወርቂ
ፋጥና ኣድም

**ምዝርጋሕ ጋዜጣ**
ቍ.ስ.113395-07588045
**ምልክታ**
ቍ.ስ. 125013 - ቍ.ሳ.ጸ. 1284


# ማእከል - ኣብያተ-ትምህርቲ ማእከላይ ደረጃ ብሉጻት ተመሃሮ ሸሊመን

ኣብ ዞባ ማእከል ዝርከባ ኣብያተ-ትምህርቲ ማእከላይ ደረጃ ብድሆን ሓርበኛታትን፡ ኣብ ዓመተ-ትምህርቲ 2025/2026 ኣብ ሃገራዊ መርመራ 8ይ ክፍሊ ብሉጽ ነጥቢ ንዘመዝገቡ ተመሃሮአን፡ ብ17ን 18ን ጥቅምቲ ሸሊመን።

በዚ መሰረት፡ ቤት-ትምህርቲ ብድሆ ብ17 ጥቅምቲ ኣብ ዘካየደቶ ስነ-ስርዓት፡ ልዕሊ 90 ሚእታዊት ንዘመዝገቡ 26 ተመሃሮ መዳልያ ሸሊማ።




ቤት-ትምህርቲ ሓርበኛታት ብ18 ጥቅምቲ ኣብ ዘወደበቶ ተመሳሳሊ ስነ-ስርዓት ድማ፡ ልዕሊ 90 ሚእታዊት ንዘመዝገቡ 31 ተመሃሮ መዳልያ፣ ንሓሙሽተ ኣብነታውያን መምህራን ከኣ ንነፍሲ-ወከፎም ሓሙሽተ ሽሕ ናቕፋ ገንዘባዊ ሽልማት ዓዲላ።

ወከልቲ ተሸለምቲ ተመሃሮ፡ ናብ’ዚ ዓወት ንኽበጽሑ ዘይተሓለለ ደገፍን ምትብባዕን ንዝገበሩሎም መምህራንን ወለድን ብምምስጋን፡ እቲ ሽልማት ንዚያዳ ጻዕርን ዓወትን ሓላፍነት ከምዘሰክሞም ገሊጾም።

ሓላፊት ቤት-ጽሕፈት ትምህርቲ ደቡባዊ ምብራቕ መምህር ኣስካሉ ፍስሃየ ኣብ ዘስመዓቶ ቃል፡ ተሸለምቲ ብዘመዝገብዎ ውጽኢት ከይተዛነዩ፡ ኣብ ዝቕጽል ናይ ካልኣይ ደረጃ ትምህርቶም ብዝለዓለ ክቕጽልዎ፣ ወለዲ ድማ ኣብ ምክትታል ደቀም ዕቱባት ክኾኑ ተላብያ።

# ቁጠባን ዋኒንን

ተሰፋት ሓጎስ

## ምወላ ዋኒንን ኣገዳስነቱን

ሓፊዝ ሱሌማን
ኮለጅ ቢዝነስን ማሕበራዊ ስነፍልጠትን ኣስመራ

ዋኒን ብሓሳብ እዩ ዝጅምር። ውልቀሰብ ይኹን ኣብ ዋኒን ዝዋፈሩ ትካላት ድማ ኣብ ከባቢኦም ዝሎ ጠለብ ካብ ምፅዛብን ምግምጋምን ኣይፍኽሩን እዮም። ካብቲ ዝተረኽበ ኩነታት ብምብጋስ ከኣ ነቲ ዝደለ ጠለባት ዘማልእ ኣቕሓ ንምፍራይ ወይ ኣገልግሎት ንምቕራብ ኣብ ውሳነ ይበጽሑ። ነቲ ጠለባት ንምምላእ ዝተጸንዐ ሓሳብ ኣብ ዋኒናዊ ዕማም ንምቕያሩን ተግባራዊ ንምግባሩን ከኣ ፋይናንሳዊ ጸጋ ኣድላዪን ኣገዳስን እዩ።

ዓለምለኻዊ ውድብ ቁጥባዊ ምትሕግጋዝን ልምዓትን (OECD) ኣብ ዘዳለዎ ጸብጻብ ኣብ ቁጠባ ሃገር ኣገደስቲ ተዋሳእቲ ካብ ዝኾና ኣካላት ንኣሽቱን ማእከሎትን ትካላት ዋኒን (ኤስ ኤም ኢ) እየን። እዘን ኣብ ማኅበር ሕርሻ፡ ኣገልግሎታት፡ ንግዲ፡ ህንጻ፡ መጉዓዝያን ካልእን ጽላታትን ንኢሱጽላትን ዝዋፈራ ትካላት ዋኒን ኣብ ጃምላ ሃገራዊ ፍርያት (ጂ.ዲ.ፒ.) ሃገራት ልዕሊ 70 ሚእታዊት ዝበጽሐ ኣበርክቶ ከምዘለወን እቲ ጸብጻብ የመልክት።

ብዙሕ ግዜ ንእሽቶ መጠን ዘለዎ ዋኒን ብውሱን ርእሰማል እዩ ዝጅምር። እዚ ድማ ኣብ ምስፋሕ ዋኒን ጸገም ክፈጥር ካብ ዝኽእል ረቛሒታት'ዩ። ብተወሳኺ፡ ድኽም ኣተሓሕዛ መዛግብን ድኽም ምሕደራዊ ዓቕምን ገለ ካብ ቀንዲ ጠንቂ ውድቀት ከምዝኾኑ ናይ ዝተፈላለዩ ትካላት ተሞኩሮ ዘርእይ'ዩ። ሓንቲ ዋኒን ዝያዳ ኣታዊታት ክትረክብ ወይ'ውን ሓደስቲ መስርሕታት ክትዕድግ ምስ ትደሊ እዚ ዕላማ ዝኾነ ፋይናንሳዊ ዓቕሚ እንተዘየረኸበ እቲ ዕድል ክጠፍእ ይኽእል'ዩ።

ምወላ ዋኒን (ቢዝነስ ፋይናንስ) ክበሃል እንከሎ ድማ ከምዝን ዝተጠቕሳን ካብኣን ዝዓበየን ዋኒን ንምጅማር፡ ንምክያድ፡ ንምዕባይን ንምስፋሕን ዘድሊ ፋይናንሳዊ ጸጋ ምእካብን ምርካብን ከምኡ'ውን ነቲ ዝተረኽበ ጸጋ ብኣገባብ ምምሕዳር ማለት'ዩ። ስለዚ፡ ምወላ ዋኒን ኣብ ዋኒን ንዝዋፈሩ ሰባት ጥራይ ዝምልከት ጉዳይ ኣይኮነን። እንታይ ደኣ ምስ ዋኒንተኛታት፡ ናይ ስራሕ ዕድል፡ ወፍሪ ኮታስ ምስ ምዕባለ ትካላትን ሓፈሻዊ ቁጠባዊ ምዕባለን ብቐጥታ ዝተኣሳሰረ ጉዳይ እዩ። እንተኾነ እዚን ናይ ዋኒን ትካላት፡ ፋይናንሳዊ ምወላ ኣብ ዝሓታሉ እዋን ከም ዋሕስ ዝፈጽር ንብረት፡ መዛግብ ፋይናንስ ዘረጋግጽ ናይ ኣታዊታት ምንጪን ናይ ዋኒን ታሪኽን ዝኣመሰለ ነገራት ክቐርባ ዝሕተትኦ ገለ ካብ ዝጥምዋን ዝበድህዋን ጉዳያት'ዩ።

ንምወላ ዋኒን ኣብ ዝምልከት ኣርእስቲ ሓፈሻዊ መረዳእታ ንምፍጣር ምእንቲ ክኸውን ድማ ምስዚ ኣርእስቲ ተኣሳሰረን ዝኾኑ ወሰንቲ ንኡሳን ኣርእስታትን ዛዕባታትን ምድህሳስ ኣገዳሲ'ዩ።

### ማጠቓለሊ ርእሰማል

ማጠቓለሊ ርእሰማል (ኢንሻል ካፒታል)፡ ዋኒን ንምጅማር ዝወፍር ርእሰማል'ዩ። ነቲ ዋኒን ንምጅማር ዝደሊ ርእሰማል ድማ ካብ ዝተፈላለዩ ምንጪታት ክርከብ



ይኽእል። 'ጃብ' ዋኒን ክጅምሩ ናይ ዝመደቡ ውልቀሰባት፡ ካብ ስድራቤት ዝርከብ ሓገዝ፡ ሽርክነት ምቛም፡ ካብ ባንክ ወይ'ውን ትካላት ንኡስ ልቓሕ (ማይክሮ ፋይናንስ) ዝርከብ ልቓሕ፡ ናይ ወጻኢ ወፍሪ ድማ ክጥቀስ ካብ ዝኽእል ገለ ምንጪታት'ዩ።

### መተዓጸዩ ርእሰማል

ኣብ ምወላ ዋኒን እቲ ኣገዳሲ ነገር ነቲ ዋኒን ንምምዋል ዘውዕል ፋይናንሳዊ ጸጋ ምርካብ ጥራይ ኣይኮነን። እቲ ፋይናንሳዊ ጸጋ ንምንታይ ከም ዘውዕል፡ ከንደይ ማጠቓለሊ ርእሰማል ከም ዘድሊ፡ መዓስ ከም ዘድልን ብኸመይ ከም ዝምለስን ምፍላጥ'ውን ወሳኒ ነገር'ዩ። ዋኒናዊ ንጥፈት ተጀሚሩ፡ እታ ትካል ኣብ ንጥፈት ክሳዕ ዘለወት ድማ ፋይናንሳዊ ጠለባታ ኣይውዳእን'ዩ። ነቲ ዝፈሪ ኣቕሓ ይኹን ኣገልግሎት ዘድሊ ጥረ-ነገራት ንምዕዳግ፡ ደሞዝ ሰራሕተኛታት ንምኽፋል፡ ናይ ክራይ ወጻኢታት ንምሽፋን፡ ናይ መጉዓዝያ ወጻኢታት ንምሽፋን፡ መስርሕታት ንምዕዳግ፡ ምስ ፍቓድ ንግዲ ይኹን ካልእ ተዛመድቲ ወጻኢታት ንምሽፋን ቀጻልነት ዘለዎ ፋይናንሳዊ ጸጋ የድሊ። ኣብ ዋኒን መተዓጸዩ ርእሰማል (ዎርኪን ካፒታል) ዝበሃል ድማ እዚ'ዩ።

ዝኾነት መኽሰብ ዘረኽበት ዋኒን፡ ዕማማታ ንምክያድ ዘኽእላ ኣብ ካዝናኣ ዝተሓዝ መንቀሳቐሲ ጥረ-ገንዘብ ክሳዕ ዘይሃለዋ ንጸገም ቀልዕቲ'ያ። ስለዚ፡ ምሕደራ ካብ ወቕቲ ናብ ወቕቲ ናይ ዝዘውር ጥረ-ገንዘብ ካብ ምሕደራ ናይ መኽሰብ ዘይንእስ ኣገዳሲ ዛዕባ ምዃኑ ክፍለጥ ኣለዎ።

### ፋይናንሳዊ መዛግብ

ኣብ ዋኒን ዝዋፈሩ ትካላት፡ ብዓበይቲ ክሕዝኦ ካብ ዘለወን ኣገዳሲ መዛግብ ናይ ንጥፈታተን ፋይናንሳዊ መዛግብ'ዩ። ኣብዚ መዛግብ ድማ ኣታዊ፡ ወጻኢ፡ ዕዳ ንብረትን ካልእ ፋይናንሳዊ ንጥፈታትን ብዓበይቲ ክሰፍር ይግባእ። ብዙሓት ንኣሽቱ ናይ ዋኒን ትካላት ግና ናይ ዋኒናዊ ንጥፈታተን መዛግብ፡ ብስርዓት ክሕዛ ኣይረኣያን። እዚ ዘይምግባር ድማ ንፀገማት ወይ'ውን ኣውፊርቲ እታ ዋኒን ክንደይ ምንታይ ዘተረጋግጹት ምኻና ንምምምጋም ካብ ዘጸግሞም ኩነት'ዩ። ስለዚ፡ ሰብ ዋኒን ብዝዕባ ዝካየድዎ ዋኒናዊ ንጥፈት ጥራይ ዘፈልጡ ምኻናም እኹል ኣይኮነን። ብዝዕባ ባጀት፡ መኽሰብ/ትርፊ፡ ጥረ-ገንዘብ፡ ዕዳን ርእሰማልን ዝፈልጡን ዝርድኡን ክኾኑ ኣብ ዕብየት ናይቲ ዋኒን ኣገዳሲ'ዩ።

### ምንጭታት ምወላ ዋኒን

ትካላት ዋኒን ፋይናንስ ንምርካብ ሓደ መገዲ ጥራይ ኣይኮነን እየን። እቲ ዝኽተሎ መገዲ ከኣ እታ ትካል ኣብ ምንታይ ደረጃ ከም ዘላ፡ እንታይ ከም ትሰርሕን ክንደይ ርእሰማል ከም ዘድልያን ይውሰኖ። እዚ ዝስዕብ ሓበሬታ ድማ ጽማቝ መግለጺ ምንጪ ፋይናንስ ተባሂሉ ናይ ዝጥቀስ ምንጪታት'ዩ።

ውልቃዊ ምንጪ

ብውልቃዊ ቁጠባ ዓቕሚ ዝበጽሕ ወይ ዝጅመር ዋኒን ብዙሕ'ዩ። ብልጫ ናይዚ ኣገባብ ምወላ ከኣ ናይ ዕዳ ይኹን ወለድ ጸቕጢ ዘይብሉ ምዃኑ'ዩ። ድሩትነቱ ድማ እቲ ክርከብ ዝኽእል መጠን ርእሰማል ኣዝዩ ውሱን ምዃኑ'ዩ። እዚ ኣብ ቦታኡ እንከሎ ግና ሓያሎይ ውልቀሰባትን ትካላት ዋኒንን ብውልቆም ዝዋህለልዎ ገንዘብ (ፐርሶናል ሴቪንግ) ከም ቀንዲ ምንጪ ወፍሪ ይጥቀሙ እዮም።

### ስድራቤትን ሽርክነትን

ኣብ ብዙሓት ሕብረተሰባት ዓለም ልክዕ ከምቲ ኣብ ሃገርና ዘሎ ባህሊ፡ ስድራቤት ኣብ ምጅማር ዋኒን ዓቢ እጃም ኣለዎ። ሓደ ኣባል ስድራ፡ ዋኒን ኣብ ዝጅምረሉ እዋን ብፋይናንስ፡ ንብረት ወይ'ውን ልምድን ክእለትን ብምክፋል ካልእ ኣባል ናይታ ስድራ ድጋፍን ኣበርክቶን ይገብር'ዩ። እዚ ከኣ ነታ ዋኒን ኣብ ምትካልን ምቕጻልን ሓጊዚ'ዩ። ሽርክነት ምቛም'ውን ተመሳሳሊ ረብሓ ዘለዎ ኣገባብ'ዩ።

### ናይ ባንክ ልቓሕ

ናይ ዋኒን ትካላት ዝደልየን ፋይናንሳዊ ጠለብ ኣብ ምምላሽ፡ ባንክታትን ካልኦት ፋይናንሳውያን ትካላትን ዕዙዝ ኣበርክቶ ኣለወን። ባንክ፡ ኣብ ስርዓት-ፋይናንስ ሓንቲ ሃገር ማእከላይ ቦታ ዘለዋ ትካል'ያ። ተንቀሳቓሽን ተጠራቓምን ሕሶባት ብምፍሳስ ገንዘብ ትእኽብ ክልቅሑ ንዘይልዩ ኣካላት ዘድሊ ፋይናንስ ንክረኽቡ ትሕግዝ። በዚ ኣብላ ከኣ ኣብ ኣጠቓላሊ ሃገራዊ ቁጠባዊ ንጥፈት እጃማ ተበርክት። ኣብ መንጎ ሰብ ዋኒንን ባንክን ዝህሉ ርክብ ግና "ፋይናንስ ሃብቲ" ኣብ ዝብል ጥራይ ዝተደረተ ክኸውን የብሉን። ሰብ ዋኒን ንዋኒናም ዝገልጽ ምሉእን ዝርዝራውን ሓበሬታ ክቕርቡ፡ መዛግብ ኣታውን ወጻኢን ክሕዙ፡ ዝሓተትዎ ልቓሕ ንምንታይ ምዃኑ ከም ዝጥቀሙሉ ብንጹር ክገልጹ ከምኡ'ውን እቲ ዝወፍር ገንዘብ ናይ ምምላስ ዓቕሙ ብዘተኣማምን ዝሰምዐ መረዳእታ ክቕርቡን ኣለዎም።

ካብ ባንክ ዝርከብ ልቓሕ ኣብ ምስፋሕ ዋኒን ከም ኣገዳሲ ዝርአ ምንጪ ፋይናንስ ዝኾነሉ እዋን ኣሎ። እንተኾነ ልቓሕ ማለት ግዴታ ማለት ምዃኑ ምፍላጥ ኣገዳሲ'ዩ። ስለዚ፡ ዝኾነ ብዓል ዋኒን ውዕል ልቓሕ ቅድሚ ምፍጻሙ፡ መጠን ዝልቅሖ ገንዘብ፡ ወለድ፡ ዝምለሰሉ እዋንን ካልእ ምስኡ ዝተሓሓዘ ሕጋዊ ቅድመ-ኩነትን ብጥንቃቐ ክገምግም ይግባእ። ኣብ ዋኒን ሓደ ዝዓበየ ነገር ጉዳይ እምነትን ተኣማንነትን እዩ። ስለዝኾነ ድማ ባንክታት ብመልክዕ ልቓሕ ገንዘብ ክህባ እንከለዋ ልክዕ ከምቲ ሰብ ዋኒን ዘካይዶ፡ እቲ ዋኒን ነቲ ዝወሰደ ዘሎ ወፍሪ ክመልስ ዝኽእል ደዩ ዝብልን ካልእን ገምጋም የካይዳ እየን። ወጻኢት ናይ ክልቲኡ ገምጋም ምስ ዝኾነ ድማ ከም መርኣያ እምነትን ምትእምማንን ክወሰድ ይኽእል።

### ንኡስ ልቓሕ

ንኡስ ልቓሕ (ማይክሮ-ፋይናንስ) ንእሽቶ ዋኒናት ወይ ንእሽቶ ፋይናንሳዊ ጠለባት ዘለዎም ሰባት ንምድጋፍ ዝተማስረተ መንገዲ'ዩ። እዚ ዓይነት ምንጪ ፋይናንስ ኣብ ሃገርና'ውን ከም ኣገዳሲ ክርአ ዝኽእል ኣገባብ'ዩ። ብፍላይ ንእሽቶ ዋኒን ዝጅምር ወይ ውሱን ርእሰማል ዘለዎም ሰባት ካብ ትካላት ንኡስ ልቓሕ ዓቕሞም ዝኾነ ልቓሕ ብምውሳድ ናይ ዋኒን ንጥፈት ክካይዱ ይኽእሉ። ኣብዚ'ውን ከይተጠቐሰ ክሓልፍ ዘይብሉ፡ መጠን ልቓሕ፡ ወለድ፡ ግዜ ምምላስን ካልእ ሕጋዊ ቅድመ-ኩነትትን ብጥንቃቐ ክገምገም ከምዘሎኦ'ዩ።

ባንክ ትኹን ካልእ ልቓሕ ትህብ ፋይናንሳዊት ትካል ምስ ሰብ ዋኒን ነዊሕ ዕድመ ዘለዎ ዝምድና እንተመስሪታ ንዋኒናዊ ኩነታት ናይታ ትካል ዝያዳ ንኽትፈልጦ ዝሕግዘን ዘኽእልን እዩ። ሰብ ዋኒን'ውን ብወገኖም ኣብ ዘድልዮም እዋን ፋይናንሳዊ ግዴታታት ዝያዳ ክርድእዎ ዘኽእሎም'ዩ።




### ናይ ወፍሪ ርእሰማል

ብንጥፈታታን ዓቕሚን ዝዓበየት ዋኒን ኣብ ናይ ወፍሪ ርእሰማል ክትኣቱ ትኽእል'ያ። እዚ ግን ንብረት ወይ ክፋሊ ዋንነት ምክፋል ክሓትት ይኽእል። ሓንቲ፡ ኣብ ወፍሪ ናይ ርእሰማል ትዋሳእ ትካል ዝያዳ ወፍሪ ንምርካብ ንኣውፈርቲ ዝስሕብ ትካላዊ ብቕዓት ክትሃንጽ ትግደድ'ያ።

ካብዚ ኣቐዲሙ ዝተገልጸ ኣምራት ምንጪ መዕበዩ ርእሰማል፡ ልቓሕ እቲ ዝዓበየ ምንጪ'ዩ። እዚ ምንጪ ከኣ ኣብ ዝተፈላለዩ ንጥፈታት ዝዋስኡ ናይ ዋኒን ትካላት ዝጥቀምሉ ኮይኑ ንረኽቦ። ስለዚ ገለ ምስ ልቓሕ ዝተሓሓዘ ነጥብታት ምጥቃስ ኣገዳሲ'ዩ።

### ዋሕስ

ዋሕስ ንብረት ካልእ ዋንነትን ሓንቲ ናይ ዋኒን ትካል ልቓሕ ንኽትረክብ ዝሕግዝ መስርሒ'ዩ። እንተኾነ ዝኾነ ዋኒን ዘለዎ ዋጋ (ቫልዩ) ካብ ንብረት ጥራይ ክምዝን የብሉን። ዋኒናዊ ዓቕሚ፡ ኣታዊታት ናይ ምፍጣር ዓቕምን ተኽእሎታትን'ውን ኣገደስቲ መማዝኒታት ምዃኖም ክዘንጋዕ የብሉን።

### ዲጂታል ፋይናንስን መጻኢ ዋኒንን

ኣብዚ እዋን ናይ ዓለምና ናይ ፋይናንስ ኣገባብ ብቴክኖሎጂ ይቕየር ኣሎ። ዲጂታዊ ክፍሊት፡ ናይ ሞባይል ፋይናንስ፡ ብመርበብ ኢንተርነት (ኦንላይን) ዝቐርብ ባንካዊ ኣገልግሎት፡ ዲጂታዊ ፋይናንሳዊ መዛግብን ኣብ ብዙሕ ጽላታት እናዓበየ ይመጽእ ኣሎ። እዚ ምዕባለ ከኣ ንዋኒን ብዙሕ ዕድል ዝኸፍት'ዩ። ክፍሊት ክቕልጥፍ፡ መዛግብ ናይ ንጥፈታት ክተሓዝ፡ ብቐሊል ንምምዋል ክበጽሕ ዝኽእል ኣገልግሎት ክህሉ ከምኡ'ውን ፋይናንሳዊ ድሕረባይታን ታሪኽን ኩዓሉ ዝኽእል ብምዃኑ ገለ ካብ ብልጫታቱ'ዩ። እዚ ጥቕምታት ኣብ ቦታኡ እንከሎ ግና ምስ ዲጂታዊ ፋይናንስ ዝማዕበሉ ሓደስቲ ሰብ ዋኒን ሓላፍነቱ ክወስዱሉ ዝግባእ ጉዳያት'ውን ይመጽእ ኣሎ። ገለ ካብኡ ድሕነት ትካል ምውሓስ፡ ምትሓል/ስርቂ ምክልኻል፡ ምውሓስ ምስጢራዊነትን ዲጂታዊ ስርዓታትን እዩ።

ብኣጠቓላሊ፡ ፋይናንስ ካብ ገንዘብ ንላዕሊ ምኻኑ ምግንዛብ ኣገዳሲ'ዩ። ምምዋል ዋኒን ማለት ክበሃል እንከሎ ከኣ ብዓል ዋኒን ካብ ባንኪ ንዝረኽቦ ልቓሕ ጥራይ ዝምልከት ኣይኮነን። ምወላ ዋኒን ኣብ መንጎ ቁጠባ፡ ንግዲ፡ ወፍሪ፡ ሸቐለት፡ ተክኖሎጅን ማሕበራዊ ምዕባለን ዘሎ ዝምድና'ዩ።

ምስ ኩነታት ሃገርና ኣዛሚድና ክንርእዮ እንከለና ድማ እቲ ቀንዲ ሕቶ "ክንደይ ዝኣክል ፋይናንሳዊ ዓቕሚ ኣሎ" ዝብል ጥራይ ኣይኮነን። እቲ ቀንድን ዝዓበየን ሕቶ "እቲ ዘሎ ፋይናንሳዊ ጸጋ ኣፍሪዱ ኣብ ዝኾነ ዋኒናዊ ንጥፈት ብኸመይ ክመሓላለፍ ይኽእል" ዝብል'ዩ። ኣድማዒ ዝበሃል ስርዓት-ፋይናንስ ድማ ንሰብ ዋኒን ገንዘብ ዝህብ ጥራይ ኣይኮነን። ሓሳብ ናብ ዋኒን፡ ዋኒን ናብ ፍርያት፡ ፍርያት ናብ ስራሕ፡ ስራሕ ናብ ዕብየት፡ ዕብየት ድማ ናብ ቁጠባዊ ምዕባለ ክቕየር ዘኽእል ተመራኺሲ ዝምድና ክፈጥር ኣለዎ። ምወላ ዋኒን ካብ ሓደ ፋይናንሳዊ ጉዳይ ናብ ሰፊሕ ሃገራዊ ቁጠባዊ ጉዳይ ዝቕይሮ ድማ እዚ'ዩ።

# ርእይቶ

ቦርድ ክፍሊ ጋዜጣ

## ምቕስቃስ ቁስሊ፡ ስኑፍ ፖለቲካ መናውሒ ዕምሪ

መራሒ ስርዓት ብልጽግና፡ ኣብዚ ቀረባ መዓልታት ብቛንቋ ትግርኛ፡ ናብ ህዝቢ ትግራይ ዝቐንዐ ኣጸቢቑ ዘይተሸምደደ ድራማ ዝመስል ድኹም ቃለ-መጠይቕ ኣካዪዱ። እቲ ቃለ-መጠይቕ፡ ሰራዊት ብልጽግና፡ ብውጥን መሃይማን ኩናት ተመሪሑ፡ ኣብ ትግራይ ወራር ብምፍጻም፡ ኣብ ዘይወጾ ሰልሚ ድሕሪ ምድቕዳቑ ዝተኻየደ ብምንባሩ፡ ኣብ ገጽ'ቲ መራሒ፡ ከቢድ ጭንቀት ይንጸባረቕ ነበረ።

ኣብ ልዕሊ ህዝብታት ኢትዮጵያ፡ እልቢ ዘይብሉ ኲናት ኣባሪዑ፡ ኣበየ ከባቢኡ ብዘኣጎዶ ሓዊ እናተለብለበ፡ ናብ ጉሓፍ ታሪኽ ዝሃጽጽ ዘሎ ስርዓት ብልጽግና፡ መናውሒ ዕምሪ ስልጣኑ ገይሩ ካብ ዝወሰዶ ሜላታት ሓደ ምቕስቃስ ቁስሊ እዩ። ከም መቐጸልታ ናይቲ ቅድሚ ሒጂ ከካይዶ ዝጸንሐ ቂምን ቅርሕንትን ናይ ምትኽታኽ ዘሙት ድማ፡ ኣብዚ ናይ ሒጂ ቃለ-መጠይቑ፡ ንህዝቢ ትግራይ፡ 'ምሱቶም ንሃጺይ የሃንስ ዝቐተሉ፡ ምሱቶም ንራእሲ ኣሉላ ክጸርፉ ዘውዕሉ ኢኻ ምሕዝኩት ፈጢርካ' ክብል ኣጥጪዩሉ። ንህዝብታት ሱዳንን ኤርትራን ማለቱ እዩ።

መራሒ ብልጽግና፡ ኣቐድም ኣቢሉ፡ ኣብ ጐጃም ደብረማርቆስ ኣብ ዘሰመዖ መደረ፡ "ሃጺይ የሃንስ ኣብ ምድሪ ጎጃም ዝፈጸሞ ዕንወት ዝርሳዕ ኣይኮነን" ክብል ንህዝቢ ኣምሓራ ኣንጻር ህዝቢ ትግራይ ከለዓዕል ምፍታኑ ኣይርሳዕን። ኦሮሞ ኣብ ዝተኣኻኸቡሉ ብዙሕ ኣጋጣሚታት ድማ፡ "ሰሜናውያን ከጥፍኡኻ ይመጽኡ ኣለዉ፣ ንዓይ ኢልካ ዘይኮነ ንኡበስኻ ኢልካ ተለዓል፣ ኣነ ካብ ስልጣን ክእለ እኽእል እየ፣ ኦሮሞ ድሕሪ ነዊሕ ዘመናት ዝረኸቦ ስልጣን ግን ክምንጠል የብሉን" እናበለ ደጋጊሙ ንህዝቢ ኦሮሞ ኣንጻር ህዝብታት ትግራይን ኣምሓራን ከረሳስን ተሰሚዑ'ዩ።

መራሒ ሃገር ዝኣክል ከምዚ ዓይነት ህዝብታት ናይ ምንቛት ሕሱር ፕሮፖጋንዳ ክይተሰከፈ ክነዝሕ ምስማዑ፡ እቲ ስርዓት ኣበየናይ ደረጃ ቅብጸተ-ተስፋ ወሪዱ ከምዘሎ ኣጉሊሑ ዘርኢ እዩ።

ጉጅለ ብልጽግና፡ በዚ ዝተጠቕሰን ካልእን ትሕተ-ሃገራዊ ፖለቲካ ንህዝቢ ኢትዮጵያ ሓድሕድ ኩተሃናኹቶ እናጸዓረ፡ በቲ ካልእ ድማ፡ ምስ ጎረባብቲ ሃገራት ንምንቛቱ፡ "ታሪኻውያን ጸላእትና" ዝብል ቁዘማ ዕለታዊ መልቀሱ ገይሩዎ ይርከብ። ብልጽግና 'ታሪኻውያን ጸላእቲ ህዝቢ ኢትዮጵያ' ዝብሎም፡ ግብጺ፡ ኤርትራ፡ ሱዳንን ሶማልን እዮም።

ይኹን'ምበር ብሰፊሕ ኣእምሮ ህዝቢ ኢትዮጵያ ጸላኢ የብሉን። ከም ኣገላልጻ ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂ "ጉርብትና ምርጫ እምበር መርገም ኣይኮነን።" ህዝቢ ኢትዮጵያ ከም ኩሎም ህዝብታት ንሓድሕዱ ኮነ ምስ ጎረባብቱ ብሰኒትን ምኽባርን ክነብር ዘሸግሮ ኣይኮነን። ሽግር ህዝቢ ኢትዮጵያ፡ ዘደናግር ዘይብሉ ኣዝዩ ንጹር እዩ። ኣብ ውሽጢ ሃገር ኮነ ምስ ጎረባብቲ ጸገም ዝፈጠረ ብልጽግና ዝተኸተሎ ግጉይ ፖሊሲታት'ዩ። ኣብዘን ዝሰዓባ ነጥቢታት ምጥማሩ ይከኣል፦

1) ኣብ ውሽጢ'ታ ኣደ ብዙሓት ብሄራት ዝኾነት ኢትዮጵያ፡ ዕብለላ ሓደ ንኡስ ጉጅለ ንምርግጋጽ ዝተኸተሎ ዘርኣዊ፡ ሃይማኖታዊ፡ ከፋፋሊን ኣናጻዪን ፖለቲካ፣

2) ንዘቤታዊ ጸገማት ፖለቲካዊ ፍታሕ ኣብ ክንዲ ምንዳይ፡ ብጠበንጃ ናይ ምድቋስ ከንቱ ሃቐና።

3) ብደረጃ ዞባ ኣብ ክንዲ ናብ ሰናይ ጉርብትናን ሓባራዊ ዕብየትን ምቑማት፣ ብቑንጣሮ ግንየ ተዓሲቡ፡ ንረብሓ ሓይልታት ግዳም ምኹዳም፣ ተልእኾኦም ንምፍጻም፡ ምስ ጎረባብቲ ሃገራት ምጽራድ፣

4) ሐደት ትካቦ ንምርካብ ዝተኣታተወ ግጉይ ቁጠባዊ ፖሊሲታትን ብልሽው ምሕደራን፣ ኣብ ህዝቢ ኢትዮጵያ ፈጢሩዎ ዘሎ ከቢድ ጸር መነባብሮ።

እቲ ቀንዲ ጸላኢ ህዝቢ ኢትዮጵያ እምበኣር ብልጽግና ባዕሉ'ዩ። ኢትዮጵያ ብሰሪ'ዚ ዘይብቑዕ መንግስቲ፡ ከቢድ ሓደጋ ኣንጸላልዩዋ ኣሎ። ብኩነታት ሃገሮም ዝተሻቐሉ ኢትዮጵያውያን ከኣ፡ 'ኪዳን ንህልውና' ዝብል ጥምረት ፈጢሮም፡ ሃገር ካብ ምብትታን ንምድሓን ይጋየዩ ኣለዉ። ብርግጽ ምጉያይ ዘድልዮ ግዜ'ዩ። ምኽንያቱ ብልጽግና፡ ኑቲ ብኹሉ ሸነኻት ተባሪዑን ተደጕሉን ዘሎ ሓደጋ ክቆጻጸሮ ዘኽእል ወተሃደራውን ፖለቲካውን ቁመና የብሉን። ኣብ ርእሲኡ፡ ቡቶም ንሱዳንን ኢትዮጵያን ኣብ ትሕቲ ጽልዋኦም ብምእታው፡ መላእ ቀርኒ ኣፍሪቃ ንምቁጽጻር ሚልዮናት ዶላራት ከፍስሱ ዝጸንሑ ሓይልታት ግዳም ስለ ዝእዘዝ ብናቱ ሓሳብ ዝምራሕ ኣይኮነን። ንሳቶም ከኣ፡ ዝርገት ህዝብታት ናይ'ዚ ዞባ 'ንረብሓና'ዩ' ኢሎም ስለዝኣምኑ፡ ሰቓይ ህዝብታት ዞባና ዝዓጠዎም ኣይኮኑን።

---

### ሎሚ'ውን ብድሆ!

ER MEDIA

"ታህዲድ ፍርቂ ሓይሊ እዩ" ብዙሕ ግዜ ዝደጋገም ብሂል'ዩ። ጸላኢ ንምድሃል፡ ቅድሚ ዝኣገረ መንፈሱ ንምስዓር ዝግበር ረቂቕ ስራሕ ንምግላጽ፡ ዝዘውተር ድማ'ዩ። ብምህዳድ ጥራይ ክትዕወት ስለዘይከኣል ከኣ'ዩ ፍርቂ ተግባር ዝኾነ። ከም'ዚ ናይ "ብልጽግና" ግን "ሓሶትን ምድንጋርን" መሓፍስቲ ትሕውሰሉ'ሞ ኣብ ጥራይ መቓመሚኻ "ምሉእ ሓይሊ" ይመስለካ፡ ኩሉ ካብኡ ትደልዮ። ብምፍርራሕን ሓሶትን ዓዲ ትጽይቕ። ብሓሶት ዘይብጻሕካዮ ትብጽሕ፡ ብምድንጋር ፍሽለትካ ዓወት ትቐይሮ፡ ንዕንቅ እምባ ተምስሎ፡ ንዕንወት ህንጻት ትቕይሮ።

ቀደም ኣብ ዘበነ ደርግ፡ ፍርቂ ዘመን ኮይኑ ቀደም ተብልናዮ ኣይተጋገናን፡ ከም'ዚ ሕጂ ቴክኖሎጂ መራኸቢታት ከይማዕበለ፡ ማሕበራዊ መራኸቢታት ከይተማህዘ፣ መተዓየዩ ታህዲድ ዝነበሩ፡ ሬድዮ፡ ቲቪ ብመጠኑ፡ በራሪ ወረቓቕቲ፡ ብመጉልሒ ድምጺ ኣብ ዕርድታት "የኣረብ ቅጥረኛ" ኢልካ ምግዓር (ነዚ ሎሚ ኡማራእ ኣቡዳቢ ዘኸድምዎም)፡ ህዝቢ ኣኪብካ ምፍካር፡ ሓጺነ-መጺን ሰሪዕካ ብጎደናታት ደርጓዕጓዕ ምባል፡ ኣብ ጎደናታት ብኣልማማ ሰላማዊ ሱብ ምቕታል . . . ወዘተ. ነይሩ። ብኸምኡ ህዝቢ ኤርትራ ንምርዓድ፡ ንምድሃል ተፈቲኑ። ፈጺሙ ግን ኣይሰርሐን።

ደርግ፡ ኣብ 1982 ወፍሪ "ቀይሕ ኮኾብ" ዝተሰምየ ወራር - ብእወጅን ዳንኬራ ዝጠዘሖን፡ ካብ'ቶም ቅድሚኡ ዝፈሸሉ ሓሙሽተ ወራራት ፍሉይ ተኣምር ከም ዝሰርሕ፡ ብኣጽዋር፡ ብብዝሒ ሰራዊት፣ ነፈርትን ሄሊኮፕተራትን፡ ክሳብ ዓንቀሩ ዓጢቑ ንዓለም ርአዩለይ ስምዑለይ እናበለ'ዩ ኣጽሚምዎ። ከም'ዚ "ብልጽግና" ዝገብሮ ዘሎ። ን.ግ፡

ንህዝቢ ኤርትራ፡ "ብነፈርቲ ብትሕቲ-ቀይሕ (Infrared) ተሓጊዞ ለይትን ቀትርን ክድብድበ"፣ "መርዛም ቀመማዊ ጋዝ ክንስንሰሎም'የ"፣ "MI 24 ሓደስቲ ሄሊኮፕተራት ኣምጺአ ኣለኹ"፣ እቲ ወትሩ ዘይተርፍ ንድሒሮም ዝመጹ'ውን መጀሃሪ ዝኾኑ፡ "ብዝሒ ሰራዊት ዓሊመ ኣለኹ፡ ክሓጽቦም'የ" ኢሉ ፈኪሩ። ኩሉ'ዚ ኣብ ቃልዕ ዝተገበረ ፈኸራ "ታህዲድ ፍርቂ ግብሪ/ሓይሊ" ካብ ዝብል፡ ቅድሚ ግጥም ንምጅጃውና ዝተሓስበ'ዩ። ብኣንጻሩ ግን ብድሆ! ተባሂሉ፡ ህዝባዊ ግንባርን ህዝቢ ኤርትራን ብዘለዓለ ምቅርራብ ክንዲ ብዝሕን ዓቕምን ጸላኢ፡ ረቢሖምን ተመጢጦምን ብኸቢድ መስዋእቲ ኣፍሺሎሞ። ክሳብ ምብራር መግዛእቲ ከኣ "ናቕፋ ትረኣየኒ'ላ" እናበለ ደርጊ ዓሪቡ። ጸላእትኻ እናፈከሩ ምስዓር ክሳብ ናጽነትን ድሕሪኡን ተደጊሙን ተደጋጊሙን።

ሎሚ'ውን ዝተፈልየ የለን። ንታህዲድ፡ ሓሶትን ምድንጋርን ወሲኹ፡ ኣብ ማሕበራዊ መራኸቢታት ኣብዚ በጺሐ ኣብቲ ኣትየ እንተበለ፡ "ትግራይ መንጠሪት ኤርትራ መዓልቦ" እንተ ደገመ፡ ብሰብ ሰርሖ ብልሒ (AI) "ዓወት" ክሰንዕ እንተዓረበ፡ ንዘይተፋረቐ ኩናት "ተወዲኡ"፡ ካብ መኽዘኑ ኣጽዋር ኣብ ተንኮበት ስሪዑ እንተሓሰወ፡ ሰራዊት "ብልጽግና" ኣብ ክልል ትግራይን ኣምሓራን ረኺቦሞ ዘለዉ ጽፍዒት ንርእዮ ኣለና። ብታህዲድ፡ ብሓሶትን ምድንጋርን ፍሕት ከም ዘይብል መጥፍኢኡ ምዃኑ ፍሉጥ'ዩ። ንሕና ጥራይ ከም ኣቦታትናን ኣደታትናን ብድሆ! ንብል፡ ንመኸተ ንዳሎ፡ ንኽተት።

### 'ብልጽግና'፡ ኣሳፊሕካ ሞት፣ ተኹርሚኻ ሞት'

ER MEDIA

እቲ ነገር ኾ'ዩ ዘሎ። ትግራይ ዝተሓወሶ ኩናት ካብ ዝጀመር ወርሒ'ኳ ኣይመልኣን። ኣንፈቱ ግን ድሮ ይቀላቐል ኣሎ።

ሰራዊት ትግራይ፡ ዋላ'ኳ ካብ ከተማታት ትግራይ እንተዝለቐ፡ ጸላኢ ድማ ተሃዊኹ 'ሞይቱ'ዩ' ኢሉ እንተኣወጀ፣ ምስ ሰቡን ዕጥቁን ሰፊሕ ደገፍ ናይቲ ገጽ ብልጽግናን ዕሱባት ከደዓትን ክርኢ ዘይደሊ ህዝቢ ትግራይን ኣሎ። ህዱእ ገምጋም ገይሩ፡ ዓቕሙ ዳግም እናወደበ ድማ ኣብ ትግራይ ፋሕ ንዝበለ ሰራዊት ጸላኢ፡ ቀቢሩ፡ ስርዓት ብልጽግና ንምውዳቕ ተንቀሳቓሲ መኸተኡ ፈለምዎስ ይሰጉም ኣሎ።

ፋኖ ኣምሓራ እውን ኣሎ፣ ሰዊዱ'ኳ ደኣ፡ ኣብ መኸተ ሰለስተ ዓመት፡ ዓርሞሸሽ ሰራዊት ሃጺጹ፡ ንሰራዊት ብልጽግና የማህምዮ ኣሎ። ፋኖን ሰራዊት ትግራይን ኩሎም ካልኦት ኣባላት 'ኪዳን ንህልውና'ን - ብዓብኡ ኦሮሞ፡ ከምኡ'ውን ዓፋር፡ ሶማሌ፡ ቤኒ ሻንጉል፡ ጉሙዝ - ሓባራዊ ወተሃደራውን ፖለቲካውን መኸተኦም የሐይሉ ከምዝለዉ'ውን ክዘንጋዕ ኣይግባእን።

ሰራዊት ብልጽግና ካብ ሸዋ (ቀረባ ንኣዲስ ኣበባ) ክሳብ ዶባት ኤርትራ ተመጣጢጡ ተዘርጊሑ እናሃለወ፣ ኣብ ሱዳን እውን ኣብ ገሊ'ቲ ከምኡ ብሕብረት ኢማራት ዓረብ ዝደገፍ 'ዳዕም ሰሪዕ - ኣርኤስኤፍ' ኣንጻር ሰራዊት ሱዳን ይዋጋእ ኣሎ።

ውጥን ብልጽግናን ጉይተቱን፣ ቅድም ኣምሓራን ትግራይን ሰዒርካ ምንባርካ፣ ደሓር ዓሰብ ምሓዝን ኤርትራ ከም ሃገር ምጥፋእን እዩ ነይሩ - ሕጂ እውን እንተ ተኻኢሉ ዝቐየር ዕላማ ኣይነበሮን።

ብልጽግና ደገፍ ህዝቢ ኢትዮጵያ ካብ ዝሕረሞ ነዊሕ ኮይኑ'ዩ። ምስዚ ኹሉ ግድላቱ ግን፡ ምርጫኡ ሕጂ'ውን ኩናት'ዩ። ቀንዲ ሕልሙን ድልየቱን ተልእኾ ጎይቶቱን ድማ ባሕርን መሬትን ኤርትራ ምግባጥ፡ ንህዝቢ ኤርትራ ኣንበርኪኽካ ምግዛእ። እዚ ድማ 'ሕጂ'ምበር፡ ካልእ ግዜ ክኸውን ኣይክእልን እዩ፣ ('ናው ኦር ነቨር') ኢሉ ደምዲምዎ እዩ። ኤርትራ ንምውራር ብዘውሓደ ንሰለስተ ዓመት ክዕበሮ ዝጸንሐ ምቅርራብ ብላሽ ክገድፎ ኣይደላን። ዓቕሚ እንተሎ እቲ ገለ ሃገራት ኩናት ንኸይወላዕ ዘሙሓላልፈኦ ዘለዋ መልእኽታት እውን ክየግኹ ኣይደለን። ጉይቶቱ እውን ኣብ ፍርቂ መገዲ ደው ክብል ከፍቅዱሉ ኣይደለዩን።

ብዙግበር ድማ፡ ኢማራት ወግሑ ጸብሐ ኩሉ ዓይነት ኣጽዋር ትጓርተሉ ኣላ። እስራኤል መጋበርያኣ ምዃኑ ብወግዒ ኣዊጃ ትሕግዞ ኣላ። ኣብ ፈቖዶ ዝቈጻጸሮ ከተማታትን ዓድታትን ኢትዮጵያ፡ ኣብታ ሃገር ቅድሚ ሕጂ ተራእዩ ብዘይፈልጥ መጠን መንእሰያት ዓይኒ'ብለይ ስኒ'ብለይ ይገፍፍ ኣሎ። ኣቐዲሙ፡ ኣብ ልዕሊ ኤርትራ ስጉምቲ ከም ዝወሰድ ንሕብረት ሃገራት ብዕሊ ኣፍሊጡ ነይሩ'ዩ፡ ብቐድሚ ትማሊ ብትግርኛ ኣብ ዝገበሮ ቃለ-መጠይቕ ከኣ፡ እንተ ዘይተንበርኪኽኩም፡ "ኣዕቢኑ ኣዝዩ፡ ኣዝዩ፡ ኣዝዩ ሓደገኛ ክኸውን'ዩ" ብምባል፡ መደቡ ኣግሂዱ ኣሎ።

ብኣተሓሳስባ ጸላኢ፡ እዚ ኩሉ ፈኪሩን ተማጒዱን ክሳብ ዓንቀሩ ዓጢቑን ናብ ዶብና ቀሪቡን ብዮምቲ ንትግራይ ኣዳኺሙን ብዘውሓደ ዓሰብ እንተዘይሒዙ፡ ኣኸለ'ዩ፡ ካልኣይ ዕድል ክህሉ ኣይኮነን፣ ኣብ ስልጣኑ ክቕጽል'ውን ኣይክእልን'ዩ።

ንመራሒ ብልጽግና ኣብዚ በጺሑ ደው ምባል ተኹርሚኻ ሞት እዩ። ስለዚ ድማ ብኹሉ ዘለዎ ዓቕሚ ንምውራር ክህቅን እዩ። ብወገና ንኹሉ እንተታት ድሉውነትና ምሕያል የድልየና። ብሓያል መኸተና፡ ምኹርማይ ጥራይ ዘይኮነ ምስፋሕ'ውን ንጸላኢ ሞት ከምዝኾነ ምግባር እዩ።

ንኹተት ንምክልኻል ሃገር። ንኹተት ጸላኢና ንምስዓር። ምስ ተሳዕረ ሕቐኡ ምስተገዝአ ጥራይ'ዩ እቲ ተኸሲቱ ዘሎ ሓደጋ መሊኡ ዝቕንጠጥ።

### ሎሚ ኣብ ERI-TV

| ሰዓት | መደብ |
| --- | --- |
| 10:15 | ብሚኒስትሪ ትምህርቲ ዝዳሎ ኣካዳሚያዊ መደብ |
| 11:45 | ደርፊ |
| 12:00 | ሃገራዊ መዝሙር |
| 12:02 | መደብ ዘዋሪት ካሜራ |
| 12:30 | ዜና (ትግርኛ) |
| 12:50 | ዜና ስፖርት |
| 12:55 | መደብ ቡያ |
| 13:30 | ዜና (ዓረብ) |
| 13:45 | ዕላል ጥበባት |
| 14:20 | ሃብቲ ባሕሪ |
| 14:50 | ካብ ዞባታት |
| 15:30 | ብሚኒስትሪ ትምህርቲ ዝዳሎ ኣካዳሚያዊ መደብ |
| 17:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 17:15 | ደርፊ |
| 17:30 | ዜና (ዓረብ) |
| 17:45 | መደብ ናትራን |
| 20:00 | ዜና ትግረ |
| 20:15 | ፊልም ገጽታ |
| 21:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 21:25 | ፈንቅል |
| 22:00 | ዜና (ዓረብ) |
| 22:10 | ዓለም ስነ ጥበብ |
| 22:30 | ዜና (እንግሊዝ) |
| 23:00 | እትመት |

ሽባብ

ሃማመተኤ

ሪፓርታዥ

# ገለ ብዛዕባ ፍቕሪ...

ኣብ ኩነተ ህላወ ጸዓት፡ ምቼት ደኣ'ምበሪ ዛሕሊ ኣይተፈጥረን። ጸሓይ ከኣ ከም ኣገዳሲት ምንጪ ናይዚ ምቼት ክትከውን ባህሪ መሪጽዋ። “ዛሕሊ ደኣ ብኸመይ ተፈጥረ፧”

ሳይሞን ንጉሰ

ኣብ ህይወት፡ ንንውሕ ዝበለ እዋን ምሳና ዝተጓዕዘን ዝጓዓዝ ዘሎን ስምዒት ክኸውን ይኽእል። ዓበይቲ ደረስቲ ብዛዕባኡ ይደርሱ፣ ክኢላታት ገጠምቲ ብዛዕባኡ ንምጽሒፉ ብርያም ኣይነጽፍን፣ ብቐዓት ዘየምቲ ኣብ ዓንኬል ፍቕራዊ ስምዒታት ኣእላፋት ዜማታት ንምዝያም ብትግሃት ይንቀሳቐሱ፣ ወዘተ። ጽባቐታት ፍቕሪ ምንጽብራቕ ዝዓለመ፡ ብቐንዱ ከኣ ፍቕራዊ ክብርታት ዘወራርስን ግርጭታት ፍቕሪ ዝድህስስን፡ ዓቢ ናይ ስነ ጥበብ ኢንዱስትሪ ዓምቢቡ ይርከብ።

ፍቕሪ እምበኣርከስ እንታይ እዩ፧ ኣበይ'ዩ ዝነብር፧ እንታይ'ዩ ዝድርኾ፧ ኣብ ፍቕሪ ክንወድቕ ከለና ኣብ ኣእምሮናን ኣካላትናን እንታይ'ዩ ዝካየድ፧ እዚ ስምዒት ብቓላት ክግለጽ ይከኣልዶ፧

ፍቕሪ፡ ስምዒት ዝመንጸፉ ኣድማሳዊ ህይወታዊ መስርሕ እዩ። ኣብ ኩሉ መደረኻት ዕድመ፡ ብቐንዱ ከኣ ኣብ ዕድመ ኩቱትና ተሃንጢኻ እትዛረበሉ ዛዕባ እንተ ድኣ ሃልዩ ዛዕባ ፍቕሪ ጥራይ እዩ። ፍቕራዊ ኣድህቦ እናሓንሳእ ካብ ውሽጥኻ ዝነቅል ክኸውን እንከሎ፣ ኣብ ገለ ከኣ ብጽልዋ መዛኑኻ ተደፊእካ ትኣትዎ ምዃኑ ኣብ ማሕበራዊ ዝምድናታት ኣተኩሮም ዝካየዱ መጽናዕታዊ ርኽበታት የረጋግጹ። “እገለ ኣፍቃሪ እገሊት እዩ፡” “እገሊት ኣፍቃሪት እገለ እያ፡” ተባሂሉ ክውረ እንከሎ፡ እቲ ሓበን እናሓንሳእ ከኣ እቲ ሽቝርር ምባል እቲ ዝሓልፎ ጥራይ'ዩ ዘስተማቕሮ።

ምስ ዛዕባ ፍቕሪ ተዛሚዱ ዝለዓል ብዙሕ ክትዓት ኣሎ። ዝበዝሐ ካብኡ ድማ ዘይተመለሰ ሕቶታት ዝካተተ ጥማር መግለጺታት ምዃኑ ይሕበር። ንኣብነት፡ “ኣፍቃሪት ኣላትካዶ፧” ወይ ድማ “ዓርኪ ኣለኪዶ፧” ዝብል ተነቃፊ ሕቶ ቅልጥፍ ኢልካ ዝምለስ ኣይኮነን። ሓደ መንእሰይ (ንኽልቲኡ ጾታ) ኣብዛ ሕቶ ኣመልኪቱ ንጹርን ቀጥታውን ግብረ መልሲ ንምሃብ ካብ ዘይቅረበሉ ምኽንያት፡ ኣብ ፍትወት ሃልዩ ናብ ምሕታት ኣይበጽሐን፡ ወይ ድማ ምስጢሩ ከቃልዕ ፍቓደኛ ኣይኮነን፣ ወይ ከኣ ስምዒታቱ ንምንግላጽ ሕንከት ዓብሊልዎ ኣሎ ተባሂሉ ይድምደም።



ስለምንታይ ግን ዝበዝሑ ካብ መንእሰያት፡ ዛዕባ ናይ ፍቕሪ ኣመልኪቱ ኣብ ዝለዓል ነፍሲወከፍ ሕቶታት ቀጥታዊ መልሲ ካብ ምሃብ ንድሕሪት ዘልሓጥ ዝብሉ፧ ንኣይ ከም ዝርደኣኒ፡ ኣብ ዛዕባ ፍቕሪ ካብ ቀጥታ ሰብ ጉዳይ፡ ናይ ግዳም ተዓዘብቲ ወይ ከኣ ተንተንቲ ምዃን ዝያዳ ዘፎኹሰና ይመስለኒ። ንኣብነት፡ ካብ ካልኣይ ደረጃ ኣትሒዙ መቓርብተይ ዝኾነን ክሳብ ኮለጅ ምሳይ ዝቐጸለን ሓደ ዓርኪ ኣሎኒ። ኣብ ብዙሕ ጉዳያት እሂን ምሂን ስለ እንብሃሃል ሕድሕድ ምስጢራት ንለዋወጥ። ኣብ ኣጋጣሚ፡ ኣብ ካልኣይ ደረጃ እንከለና፡ ኣነ ብርቱዕ ፍቕሪ ናይ ሓንቲ ጓል ሄዋን ይሕዘኒ። እቲ ኣብቲ እዋን ኣብ ህይወተይ ብዙሕ ኣሉታዊ ስምብራት ዝትረፈ ኣጋጣምን ምዕባለታቱን ነዚ ዓርከይ ሓደ ብሓደ ኣካፍሎ ነበርኩ። ንሱ ግና 'ኩናት ዘይወዓለ በሊሕ' ከም ዝብሃል፡ ኩለን እተን ዝልግስለይ ዝነበረ ምኽርታት፡ 'በዚ ቀላይ ሕለፍ'ሞ ጨፈቃ ከይተጸይቕካ ውጻእ' ዘስምዕ እዩ ነይሩ።

ኣነ ኣብ ፍቕራዊ ስምዒት ኣብ ዝወድቀሉ፡ ወይ ድማ ኣብ ምዉቕ ፍቕራዊ ዓለም ጸኒሐ ብስንኪ ምፍልላይ ዕውንውን ኣብ ዝብለሉ፡ ንሱ ኩሉ ግዜ ኣብ ጉድነይ ኣሎ። እተን እንመኻኸረለን ነጥብታት ድማ ንነብሰይ ከም ጠንቂ ፍሽለት ፍቕራዊ ሕልምታተይ ዘቐመጣ ስለ ዝነበራ፡ ካብ ውሽጠይ ከቢድ ሕፍረት ይስመዓኒ ነበረ። ብዛዕባ ፍቕሪ ኣመልኪትና እንመኻኸሮ ዝነበርና ነጥብታት ግና ካብ ልበይ ባህ ይብለኒ ከም ዝነበረ ክምስክር እደሊ። ሓንቲ እተገርመኒ ጉዳይ ከኣ'ባ ነይራ። ኣነ ብተደጋጋሚ ብፍቕሪ ሰንከልከል ክብል ኣብ ጉድነይ ዝነበረ ዓርከይ፡ 'መኣስ ኮን'ዩ ከምዚ ናተይ ዘጓንፎ' ኢለ እሓስብ። ንሱ ብቐጥታ ምስ ደቂ ኣንስትዮ ከዕልል ወይ ሻሂ ክሰቲ እዕዘቦ'ኳ እንተ ነበርኩ፡ “ንእገሊት ኣፍቂረያ፡” ክብል ግና ሰሚዐዮ ኣይፈልጥን። እንሓንሳእ ከኣ ኣንጻዕዲፀ፡ “ንኣይ ፍቕሪ ዝብሃል ኣይርድኣንን እዩ፡” ኢሉ ክዛረብ እዝክሮ። ከም መንእሰያት፡ ኣብ ፍቕሪ ዝነበረና መረዳእታ ሕቼን ከብድን ምዃኑ እዚ ናተይ ተመኩሮ ብቑዕ መረጋገጺ ምዃኑ እምስክር።

ፍቕራዊ ስምዒት ንምግላጹ ኣጸጋሚ ዝኾነ፡ ግን ከኣ ዝያዳ ከተስተማቕሮ ዝቐሰብ ስምዒታዊ ክፋል ናይ ሰብኣውነት እዩ። ፍቕሪ ዝብሃል ኣምር ክሳዕ ዝሃለወ፡ ጽልኢ ዝብሃል ኣምር ቦታ ኣይረክብን። እቲ ምንታይ፡ ተፈጥሮ ፍቕሪ ደኣ'ምበሪ ጽልኢ ኣይፈጠረን። ኣብ ኩነተ ህላወ ጸዓት፡ ምቼት ደኣ'ምበሪ ዛሕሊ ኣይተፈጥረን። ጸሓይ ከኣ ከም ኣገዳሲት ምንጪ ናይዚ ምቼት ክትከውን ባህሪ መሪጽዋ። “ዛሕሊ ደኣ ብኸመይ ተፈጥረ፧” ዝብል ሓታቲ እንተ ደኣ ተረኺቡ፡ እምበኣርከስ “ካብ ጸሓይ ዝያዳ ብምርሓቕ ዝተፈጥረ ክስተት፡” እዩ እቲ ብቑዕ መልሲ። ኣብ ኩነተ ህላወ ፍቕሪ ከኣ ንምለስ። ተፈጥሮ፡ ፍቕሪ ደኣ'ምበር ጽልኢ ኣይፈጠረን። ካብ ፍቕሪ ዝያዳ ምፍንታት ከኣ ከቢድ ሳዕቤን ወሊዱ። ካብ ፍቕሪ ዝረሓቐ ኣብ ጽልኢ ይዓርድ'ሞ ኣንጻር ፍቕሪ ክቃለስ ይነብር። ፍቕሪ እምበኣርከስ ምሉእነት ህይወት ደቂሰብ ዘረጋግጽ ኣገዳሲ ኣድማሳዊ ጸጋ እዩ። ብግቡእ ክምዝመዝን ክንጥቀመሉን ከኣ ኣገዳስነቱ ዕዙዝ ይገብሮ።

ከም ውልቀሰባት፡ ኣብ ሕብረተሰብናን ክንዮኡን ባህሊ ፍቕርን ርህራህን ከነማዕብል ዕቑር ውሽጣዊ ጸጋ ዘሎና ፍጡራት ኢና። ኣብ ከባቢና ንዘለዉ ፍጡራት ሕያውነት፡ ርህራህን ምርድዳእን ብምስፋሕ፡ ካብ ቅጽበታዊ ርክባትና ዝዓዘዘ እወታዊ መንፈሳዊ ውጽኢት ንፈጥር። መጽናዕትታት ከም ዘመልክትዎ፡ ተግባራት ሕያውነት፡ ንጽቡቕ ህይወት ናይ ተቐባሊ የዕዝዝ ጥራይ ዘይኮነ፡ ስነ ኣእምሮኣውን ኣካላውን ጥዕና ናይ ወሃቢ'ውን ከም ዘደልድል ይጥቀስ።

ኣብታ ብኣሜካዊ ጸሓፊን ጋዜጠኛን ዶር. ጋሪ ቻፕማን ዝተዳለወት፡ ናብ ቋንቋ ትግርኛ ድማ 'ቋንቋ ፍቕሪ - ንነባሪ ፍቕራዊ ዝምድና' ኣብ ትሕቲ ዝብል ኣርእስቲ ብመም. ፍትሓዊ እስቲፋኖስ ዝተተርጐመት ህብብቲ ናይ ዝምድናታት መጽሓፍ ተጠቒሱ ከም ዝርከብ፡ ቋንቋ ፍቕሪ እቲ እንኮ ኣድማሳዊ መረዳዳኢ ቋንቋ ሰብኣውነት ምዃኑ ተደምዲሙ ይርከብ። ቋንቋ ዝጸሓፍን ዝንበብን ክንሱ፡ ቋንቋ ፍቕሪ ግና ክግለጽን ክጸሓፍን ዘይከኣል ስምዒት እዩ። ግን ከኣ ሰባት የረዳድእን የወሃሃድን።

ኣብዛ መጽሓፍ ተጠቒሱ ከም ዘሎ፡ ሓቀኛ ትርጉም ህይወት ካብ ክግመት ዝከኣል ኣዝዩ ዝዓሞቔ ምዃኑ፡ ኣብ መስርሕ ህይወት ኣገዳሲ ምዃንካ ዝርድኣካ፡ ሓደ ሰብ ኣብ ልዕሌኻ ፍቕሪ ምስ ዝልግስ ጥራይ ምዃኑ፡ ህይወት ብዘይ ፍቕሪ ምልእቲ ዘይምዃና፡ ፍቕሪ ንበይኑ መልሲ ኩሉ ሕቶታት ህይወት ዘይምዃኑ፡ ግን ከኣ ምቹእ ሃዋህው ናብ ሓቀኛ ምንባር ምዃኑ፡ ሓቀኛ ፍቕሪ ውሽጣዊ ዕግበት ዝፈጥር ምዃኑ፡ ብመገዲ ሓሙሽተ ቋንቋታት ፍቕሪ ማለት ቃል ምስክርነት፡ ብሉጽ ግዜ፡ ምልውዋጥ ህያባት፡ ግብረ ሃዋርያንን ኣካላዊ ምንቅስቓስን ፍቕሪ ዝድሰስን ዝስተማቐርን ምቁር ስምዒት ምዃኑ ብሰፊሑ ተተንቲኑ ንረኽቦ።

ኣብ መደምደምታ፡ ዓለም ምችእቲ ኮይና ክትቅጽል ዘኽእል እንኮ ኣድማሳዊ ሓይሊ እንተ ደኣ ሃልዩ፡ ፍቕሪ ጥራይ እዩ። ካልእ ኩሉ ካልኣዊ እዩ። ኑብሰ ክብረትን ኑብሰ ፍቕርን፡ ንኻልኦት ፍቕሪ ብምልጋስ ጥራይ'ዩ ዝረጋገጽ። እቲ ዝኸበደ ስነ ልቦናዊ ስንክልና ሰብኣውነት፡ ፍቕሪ ብግቡእ ዘይምስትማቕር፡ ብቐንዱ ከኣ ብግቡእ ዘይምርዳእ ዝወለዶ እዩ። ፍቕሪ፡ ሓጒስን ዋዛን ዝጭንጉዕ ዘስተንፍስ ኣካል እዩ። ክንረኽቦ ኣይጽበን እዩ፣ ኣብ ዘይድለየሉ እዋን ድማ ደው ይብል። ከም ንቡር ክውሰድ ወይ ምቹእ ኣብ ዝኾነሉ እዋን ጥራይ ክገልግል ትጽቢት ክግበር ኣይክእልን። ኣብ ክንዳኡ፡ ቀጻሊ ሞገስ ይጽበ። ፍቕሪ ኣብ ውሽጡ ምስጢር ክሕዝ ኣይክእልን። ኩሉ ተመኩሮ ናይ ነፍሲወከፍ ሰብ፡ ነፍሲወከፍ ሓሳብ፡ ነፍሲወከፍ ስምዒት፡ ነፍሲወከፍ ጠለብ፡ ነፍሲወከፍ ካብ ደገ ዝመጽእ ተግባር፡ ንናይ ምቕጻልን ምድኻምን ዓቕሙ ይጸልዎ።

ልቦና

# ንኼጋኻ ተመሃረሉ

ርእሰ ተኣማንነት ማለት፡ ኣብ ገዛእ ርእስኻን ኣብ ብቕዓትካን ምእማን ማለት እዩ። ብድሆታት ንምግጣም፡ ሓደሽቲ ነገራት ንምፍታን ከምኡ እውን ፍርሒኻ ንምቊጽጻርን፡ ምስዓርን ከኣ ይጠቅም። ልበ-ምሉኣት ክንከውን እንከለና፡ ንውሳነታትና ንኣምኖ፣ ቀልጢፍካ ኢድካ ናይ ምሃብ ልምድታትና እውን ይጠፍእ። እዚ ድማ ብምልምማድ፡ ተመኩሮን እወታዊ ኣተሓሳስባ ብምጥራይን ክዓቢ እኽእል።

ርእሰ ተኣማንነት ዘሎካ ሰብ ምዃንካ ኣብ ዝተፈላለየ ቦታታት ክሕግዘካ እዩ። ኣብ ቤት ትምህርቲ፡ ኣብ ስራሕ፡ ኣብ ከባቢኻ ብሓፈሻ ኣብ ኵሉ ዕለታዊ ንጥፈትካ ኣገዳሲ እዩ። ኣብ ገዛእ ርእስኻ ክትተኣማመን ምስ ጀመርካ፡ እቲ ኣብ ህይወት ክትበጽሖ ትደሊ ሸቶታት ፍረ እናርኣየ ክኸይድ እዩ፣ ንኻልኦት እውን ከተነቓቕሓሉ ክትጅምር ኢኻ። እንተ ደኣ ሓደ ነገር ብዓወት ትውድኦን ኣይትውድኦንን ትጠራጠር ኴንካ፡ ብርግጽ ከተከናውኖ ኣይትኽእልን ኢኻ። ኣብ ክእለትካ ተኣሚንካ ከም ትገብሮ ርግጸኛ ክትከውን ኣሎካ፣ ብድሕሪ'ዚ ኣዚኻ ጽኑዕ ኴንካ ጀምሮ።

ኣብ ገዛእ ርእስኻ ዘሎካ እምነት ንኽተዕቢ ክትክተሎ ካብ ዘሎካ መንገድታት ሓደ፡ እቲ ንኽይትገብሮ ፍርሒ ዘስምዓካ ነገራት እናገበርካ ብድሕሬኻ ዘሎ ዕዉት ተመኩሮታት መዝግብ። ጽሒፍቶ ናይ ዕድል ጉዳይ ዘይኮነስ ናይ ምርጫ ሕቶ ስለ ዝኾነ፡ ብኣጋኡ እቲ ትደልዮ ንኽትመርጽ ኣብ ነብስኻ እመን።

ስለዚ፡ ኵሉ ግዜ እወታዊ ኩን። ተመኩሮኻ ምዕባይ ቀጽል፡ ስሕተትካ ተቐበልን ኣብ ባዕልኻ ድማ እምንቶ ኣጥርን። ተጸቢኻ ዝመጽእ ጽቡቕ ነገር ስለ ዘየለ፡ ነቲ እትደልዮ ዘበለ ከተፍርዮ ከም ዘሎካ ተረዲእካ ብትብዓት ገስግስ። እንትታት ዝመንቀሊኡ ዕንቅፋታት ኣብ መገድኻ ምስ ዝጸንሕ እውን ገጽ ኣይትሃቦ፣ ከም ትኽእሎ ውሽጣዊ ርጉጽነት ሃልዩካ ረጊጽካዮ ሕለፍ።

ኣስተውዕል! ርእሰ ተኣማንነት እቲ ናይ መጀመርታ ስጉምቲ ናብ ዓወት ምዃኑ ዘክር።

ብርዒ ወጋሕታ

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ-ሳምራዊት መለስ

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ሰረጀቓ እምባደርሆ

ወ/ሮ በላይሽ ባህታ፡ ብዓል ቤተይ ተጋ/ ወልደትንሳኤ ክብርኣብ ኣድሓኖም ስለዝተሰወኦ፡ ኣነ ምስ 2 ደቅና ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን23/11/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ድባርዋ

ወ/ሮ ትዕግስቲ ኣፈወርቂ ጭማር፡ ስም ኣደይ ጉብርኤላ በርሀ ሓጎስ ምባል ተሪፉ፡ ኣሙተ ጉብረመድህን ተኸለ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን17/11/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ኣመልካቲት ኣነ ወ/ሮ ሃይማኖት ዞርያስ ዑቕባዝጊ፡ ብስም ብዓል ቤተይ ነፍሲ ሄር ዘርኣይ ሃይለስላሰ ንገሰ፡ ወረቐት ምስክር ቁጽሪ 1454 ካርድ ኣባልነት ናቕፋ ኮርፖረሽን ስለ ዝጠፍኣኒ፡ ዝረኸቦ ወይ ብዕዳ ሐዚዎ ዝብል እንተሎ፡ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልቲ፡ ብቁጽሪ ሞባይል 07141524 ክሕብረኒ፣ እንተዘይሒቡኒ፡ መተካእታኡ ክሓትት ምዃነይ እሕብር።

ወ/ሮ ሃይማኖት ዞርያስ

ኣቶ ፍስሃጽዮን ሃብተጉብርኤል ተኸለ ዝተበሃልኩ፡ ኣብ ኣስመራ ምም/ን/ዞባ ገጀረት ጎደና ዚፕ 751-19 ቁጽሪ ገዛ 8 ብቁጽሪ መዝገብ ASR00000975 ብቁጽሪ ንግዲ ፍቓድ ASL00000748 ብስመይ ዝተመዝገበ ትካል ጋራጅ፡ ኣብ'ዚ ትካለይ ኣብ ዝተፈላለየ ግዜ ንብረት ዘቐመጥኩም ትካል ይኹን ውልቀሰባት፡ ምልክታ ኣብ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ተሓቲሙ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ፡ ንብረትኩም ክትወስዱ እሕብረኩም። ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ ንብረትኩም ምስ ዘይትወስዱዎ ግን ተሓታቲ ከምዘይኮንኩ እሕብር።

ኣቶ ፍስሃጽዮን ሃብተጉብርኤል ተኸለ
ወኪል ኣቶ ሰመረ ፍስሃጽዮን

## ምልክታ ጨረታ

ኮሌጅ ስነ-ፍልጠት ማይ ነፍሒ ኣብ ታሕቲ ተዘርዚሮም ዘለዉ ወሃብቲ ኣገልግሎት፡ ን2 ዓመት ኣወዳዲሩ ክኻረ/ክሽይጥ ስለዝደለየ፣ ግዱሳት ተሓጸቲ ይዕድም።

1. እንዳ ድኳን
2. እንዳ ሻሂ
3. ማኛ (ተረፍ መረፍ መግቢ)
4. ጽገና ፕሪንተራትን ፎቶኮፒየራትን
5. እንዳ መሻጢት
6. እንዳ ቀምቃማይ

ተሓጸቲ ከማልእዎ ዘለዎም

1. ንመኽበሪ ጨረታ ዝኸውን 50,000 ድኳን፡ 100,000 እንዳ ሻሂ፡ 30,000 ንማኛ (ተረፍ መረፍ መግቢ ዝወስድ) 30,000.00 ንጽገና ፕሪንተራትን ፎቶኮፒየራትን፡ 5,000.00 እንዳ መሻጢት፡ 5,000.00 እንዳ ቀምቃማይ ኩሉ ብ C.P.O የትሕዙ።
2. ቅዳሕ ናይ 2025 ዝታሓደሰ ፍቓድ ንግድን ግብሪ ከምዝኸፈሉ መረጋገጺ ሰነድ ክሊራንስን ቅዳሕ መንነትን ተተሓሒዙ ይቕረብ።
3. ተሓጸቲ ዘይምለስ 100 ናቕፋ ብምኽፋል ሰነድ ጨረታ ካብ ኮሌጅ ይወስዱ።
4. ጨረታ ኣብ ጋዜጣ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ ንተኸታተልቲ 10 መዓልታት ክፉት ኮይኑ፡ ኣብ ትቕጽል ናይ ስራሕ መዓልቲ ሰዓት 10:00 ቅ/ቀ ተሓጸቲ ወይ ሕጋውያን ወከልቶም ኣብ ዝተረኸቡሉ ሳንዱቕ ጨረታ ይኽፈት።

ንተወሳኺ ሓበሬታ፡ ኣብ ኣሃዱ ዕድጊ ኮሌጅ ስነ-ፍልጠት ማይ ነፍሒ ብምምጻእ ወይ ብ ቁ/ስልኪ 08204288/08204285 ብምድዋል ምውካስ ይከኣል።

ትካልና ዝሓሸ ኣማራጺ እንተረኺቡ፡ ብኸፊል ወይ ብምሉእ ጨረታ ናይ ምስራዝ መሰሉ ዝተሓለወ እዩ።

ኮሌጅ ስነ-ፍልጠት ማይ ነፍሒ

ብስም ወ/ሮ ኣምለሱት ዛይድ፡ ብቁጽሪ ፍቓድ ዋኒን 00000444 ቁጽሪ መዝገብ 0000436 ኣብ ዞባ ደቡብ ን/ዞባ ዓረዛ ዓዲ/ከተማ ዓረዛ ዝርከብ ናይ ቤት መስተ (ባር) ትካለይ፡ ንወ/ሮ ኣበባ ተኪኤ፡ ኣድራሻ ዞባ ደቡብ ን/ዞባ ዓረዛ ዓዲ/ከተማ ዓረዛ - ተሌፎን 07923709፣ ካብ ዕለት 10/10/2026 ክሳብ ዕለት 10/12/2030 ኣካርየዮ ስለ ዘለኹ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ እዚ ምልክታ'ዚ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልቲ፡ ስልጣን ዝዘለዎ ቤት ፍርዲ ተቓውሞኡ የቕርብ። እንተዘይኮይኑ፡ ዝቃወም ኣካል ከምዘየለ ተቖጺሩ እቲ ክራይ ውዕል ሕጋዊ ምዝገባ ከምዝፍጸመሉ ኣፍልጥ።

ኣምለሱት ዛይድ

ብስም ወ/ሮ ደሕደጋ ተስፉይ ወልደሚካኤል፡ ብቁጽሪ ፍቓድ ዋኒን DAL 1466 ቁጽሪ መዝገብ DAR-0203 ኣብ ዞባ ደቡብ ን/ዞባ ዓዲ ቀይሕ ዓዲ/ከተማ ዓዲ ቀይሕ ዝርከብ ናይ G-22-49 ትካለይ፡ ንኣቶ ሃይለ ነጋሽ ገ/ሂወት፡ ኣድራሻ ዞባ ደቡብ ን/ዞባ ዓዲ ቀይሕ ዓዲ/ከተማ ዓዲ ቀይሕ - ተሌፎን 07171800፣ ካብ ዕለት 01/10/2026 ክሳብ ዕለት 01/10/2029 ኣካርየዮ ስለ ዘለኹ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ እዚ ምልክታ'ዚ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልቲ፡ ስልጣን ዝዘለዎ ቤት ፍርዲ ተቓውሞኡ የቕርብ። እንተዘይኮይኑ፡ ዝቃወም ኣካል ከምዘየለ ተቖጺሩ እቲ ክራይ ውዕል ሕጋዊ ምዝገባ ከምዝፍጸመሉ ኣፍልጥ።

ብስም ወ/ሮ ወይኒ ኣስገዶም ተኽልዝጊ፡ ብቁጽሪ ፍቓድ ዋኒን DAL 5656 ቁጽሪ መዝገብ DAR-1947 ኣብ ዞባ ደቡብ ን/ዞባ ዓዲ ቀይሕ ዓዲ/ከተማ ዓዲ ቀይሕ ዝርከብ ናይ G-22-49 ትካለይ፡ ንወ/ሮ ባና ኪዳነ ጉብረኪዳን፡ ኣድራሻ ዞባ ደቡብ ን/ዞባ ዓዲ ቀይሕ ዓዲ/ከተማ ዓዲ ቀይሕ - ተሌፎን 07272731፣ ካብ ዕለት 01/08/2026 ክሳብ ዕለት 31/07/2028 ኣካርየዮ ስለ ዘለኹ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ እዚ ምልክታ'ዚ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልቲ፡ ስልጣን ዝዘለዎ ቤት ፍርዲ ተቓውሞኡ የቕርብ። እንተዘይኮይኑ፡ ዝቃወም ኣካል ከምዘየለ ተቖጺሩ እቲ ክራይ ውዕል ሕጋዊ ምዝገባ ከምዝፍጸመሉ ኣፍልጥ።

ኣብ ዞባ ደቡብ ን/ዞባ መንደፈራ ዓዲ/ከተማ መንደፈራ፡ ብቑጽሪ ፍቓድ ንግዲ 16824 ቁጽሪ መዝገብ 8278 ዝርከብ ናይ ታክሲ ትካለይ፡ ንኣቶ/ ወ/ሮ ማዘር ጉብርሂወት ፍስሃ፡ ኣድራሻ መንደፈራ ዞባ ደቡብ ን/ዞባ መንደፈራ ዓዲ/ከተማ ታሕታይ ዓዘርና ብዕለት 02/02/2026 ስለ ዝሸጥኩሉ/ላ ብስም ሺያጢ ዝኽፈሎ ዕዳ ኣሎኒ ወይ ይግባኣኒ እዩ ዝብል እንተድኣ ሃልዩ፡ እዚ ምልክታ'ዚ ካብ ዘወጸሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልቲ፡ ስልጣን ዝዘለዎ ቤት ፍርዲ ተቓውሞኡ የቕርብ። እንተዘይ ኮይኑ፡ ዝቃወም ኣካል ከምዘየለ ተቖጺሩ ናብ ዓዳጊ ከምዝመሓላለፍ ነፍልጥ።

ምዕራፍ ተስፉማርያም
ሕጋዊ ወኪል ጉብርሂወት ፍስሃ ገ/ሂወት

ኣቶ ተስፉልደት ጉብረሂወት ዞሚካኤል፡ ዝተፈቕደለም ናይ መሸጢ ናውቲ ህንጻን ሕርሻን ንግዳዊ ትካሎም፡ "መሸጢ ናውቲ ህንጻን ሕርሻን ብሩኽ' (BRUK FERAMENTA) ተባሂሉ ክሰየመሎም ስለዝሓተቱ፡ እዚ ናይ ንግዲ ስም ቅድሚ ምምዝጋቡና ዝቃወም ኣካል እንተሎ፡ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ ካብ ሕጋዊ ቤት ፍርዲ መአገዲ የቕርብ። እንተዘይኮይኑ፡ ዝቃወም ኣካል ከምዘየለ ተቖጺሩ እዚ ናይ ንግዲ ስም ከምንምዝግቦ ነፍልጥ።

ክፍሊ ውሽጣዊ ንግዲ

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ-ሳምራዊት መለስ

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዞባ ማእከል ኣስመራ

ኣቶ እስጢፋኖስ ደበና ዝበረሶላሴ ኣቦይ ደበና ገብረስላሴ ተማኩ ስለዝዓረፈ፡ ንወላዲትና ወ/ሮ እመናጽዮን ሮኽረደግገል ገብረሚካኤል ናይ መጸምዲ ማሳላ ይተሓለወለ፡ ኣነ ምስ 5 ኣሕዋተይ ድማ ወረስቲ ምኳንና ደረጋገጸልና ስለ ዝበለ፡ ዝቃወም እንተለ፡ ን24/11/26 ኣብ ቤ/ፍ 11 መጋቢእያ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ መንደፈራ

ጸገ ተስፋልደት ገ/ሚካኤል ምባል ተረፉ፡ ጸገ ተስፋልደት በርሀ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፡ ዝቃወም እንተለ፡ ን9/12/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዓዲ ኳላ

ከሳሲት ወ/ሮ ትምኒት ሓየራ ኣርኣያ፡ ተኸሳሲ መዛግን ተስፋይ ገብረመድህን ናይ ሓዳር ክሲ ቀሪቡልካ ስለ ዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን5/11/26 ኣብ ቤ/ፍ ቕረብ። እንተዘይቀሪብካ ጉዳይካ ኣብዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ንፈልጥ።

ትርሓስ ዘርኣይ ተስፋማርያም፡ ብዓል ቤተይ ዑቕባእግዚኣብሄር ተስፋስላሴ ኣብይ ስለዝተሰወአ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሳለይ ይተሓለወለይ፡ 7 ደቅና ድማ ወረስቲ ምኳናም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፡ ዝቃወም እንተለ፡ ን26/11/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ጸሮና

ዳብራ በራኺ ካሕሳይ ምባል ተረፉ፡ ሜላት በራኺ ካሕሳይ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፡ ዝቃወም እንተለ፡ ን18/11/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ብስም ወ/ሮ ኣብርሃጼን ሓጎስ ተስፉ፡ ብቑጽሪ ፍቓድ ዋኒን DAL- 1881 ቁጽሪ መዝገብ DAR-1647 ኣብ ዞባ ደቡብ ን/ዞባ ሰንዓፈ ዓዲ/ከተማ ሰንዓፈ ዝርከብ ናይ G-22 ትካለይ፡ ንኣቶ/ወ/ሮ ሸሻይ ኪዳኑ ኣድራሻ ዞባ ደቡብ ን/ዞባ ሰንዓፈ ዓዲ/ከተማ ሰንዓፈ - ተሌፎን 07323139፣ ካብ ዕለት 10/09/2026 ክሳብ ዕለት 31/12/2028 ኣካርየዮ ስለ ዘለኹ፣ ዝቃወም እንተለ፡ እዚ ምልክታ'ዚ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልቲ፡ ስልጣን ንዘለዎ ቤት ፍርዲ ተቓውሞኡ የቕርብ። እንተዘይኮይኑ፡ ዝቃወም ኣካል ከምዘየለ ተቖጺሩ እቲ ክራይ ውዕል ሕጋዊ ምዝገባ ከምዝፍጸመሉ ኣፍልጥ።

ኣብርሃጼን ሓጎስ

ኣብ ዞባ ማእከል ን/ዞባ 4 ኣስመራ ከባቢ ዚፕ ኮድ 1A132 መለለዪ ቁ ASD0002114 ቁ. ፓርሰል ASP0000960 ኣድራሻ ካርታ 1/A132/116/G ስፍሓት 77 ት.ሜ ሓንቲ ቀንዲ ክፍሊ ዝተደኮና ብስም ወ/ሮ ፍረወይኒ መስፍን ሓድጉ ዝተመዝገበ ስለ ዝዓደግኩዎ'ሞ ናብ ስመይ ክሰጋገር ስለ ዝኾንኩ፡ ዝቃወም እንተለ፡ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልቲ ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ መአገዲ ወይ'ውን ይግባይ ተባሂሉሉ እንተነይሩ ውሳነ ሒዙ ናብ ቤት ጽሕፈት ካዳስትራልን ቤት ጽሕፈት ኖታሪን ሒዙ ይቕረብ። እንተዘይኮይኑ፡ ብዘለኒ ሰነድ ጉዳየይ ክውድእ ምዃነይ እሕብር።

ወ/ሮ ሳባ ክፍለ ወልድኣብዝጊ

ኣቶ ተስፋልደት ገብረሂወት ዘሚካኤል፡ ዝተፈቕደለይ ናይ መሸጢ ናውቲ ጽሕፈት ንግዳዊ ትካለይ፡ "መሸጢ ናውቲ ጽሕፈት ሄራኒ' (HERANI STATIONERY) ተባሂሉ ክሰየመለይ ስለዝሓተተ፡ እዚ ናይ ንግዲ ስም ቅድሚ ምምዝጋቡና ዝቃወም ኣካል እንተለ፡ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ ካብ ሕጋዊ ቤት ፍርዲ መአገዲ የቕርብ። እንተዘይኮይኑ፡ ዝቃወም ኣካል ከምዘየለ ተቖጺሩ እዚ ናይ ንግዲ ስም ከምንምዝግቦ ነፍልጥ።

ክፍሊ ውሽጣዊ ንግዲ

ብስም ኣስቴር ሳሚኤል ወራሲ ዝተመዝገበ፡ ብቑ.ፍ.ዋኒን ASL00039441 ዝኾነ፡ ኣብ ዞባ ማእከል ን/ዞባ ጸጸራት ጎደና ሰሊና ቁ.ገዛ -- ዝርከብ ናይ ድኳን ትካለይ፡ ንኣቶ ካሕሳይ ዑቕባይ ወለ፡ ኣድራሻ ዞባ ማእከል ን/ዞባ ጸጸራት ጎደና 183-3 ቁ.ገዛ 2 ካብ ዕለት 01/09/2026 ክሳብ ዕለት 31/12/2029 ኣካርየዮ ስለ ዘለኹ፣ ዝቃወም ምስ ዝህሉ፡ እዚ ምልክታ እዚ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ኣብ ውሽጢ ሰላሳ መዓልቲ፡ ስልጣን ንዘሎዎ ቤት ፍርዲ ተቓውሞኡ የቕርብ። እንተዘይኮይኑ፡ ዝቃወም ኣካል ከምዘየለ ተቖጺሩ እቲ ናይ ክራይ ውዕል ሕጋዊ ምዝገባ ከምዝፍጸመሉ ነፍልጥ።

ኣስቴር ሳሚኤል ወራሲ

ወ/ሮ ሰላማዊት ዓንደማርያም ተስፋጼን፡ ዝተፈቕደለን ናይ ስነ ጽባቐ ጸጉራርእሲ ንግዳዊ ትካለን፡ "ስነ ጽባቐ ጸጉራርእሲ ስምኦን' (SIMON BEAUTY SALON) ተባሂሉ ክሰየመለን ስለዝሓተታ፡ እዚ ናይ ንግዲ ስም ቅድሚ ምምዝጋቡና ዝቃወም ኣካል እንተለ፡ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ ካብ ሕጋዊ ቤት ፍርዲ መአገዲ የቕርብ። እንተዘይኮይኑ፡ ዝቃወም ኣካል ከምዘየለ ተቖጺሩ እዚ ናይ ንግዲ ስም ከምንምዝግቦ ነፍልጥ።

ክፍሊ ውሽጣዊ ንግዲ

ኣብ ዞባ ማእከል ምም/ን/ዞባ ኣኽርያ ጎደና 116-8 ቁ.ገዛ 42 ፕሎት 47 ፓርሰል A ስፍሓት መሬት 200 ት/ሜ ቀንዲ ክፍልታት 4 ሓገዝቲ ክፍልታት 4 ዝሓዘ፡ ቁጽሪ ምዝገባ ንብረት 56777-93601 ምስክር ወረቐት 121821 መወከሲ ቁጽሪ 115545 ብስም ክብራ ካሕሳይ ወልዱ ዝተመዝገበ ዘይንቀሳቐስ ንብረት ገዛ ንዓይ ምስ ክልተ ኣሕዋተይ ብሀያብ ስለ ዝሃበትና፡ ስም ምትሕልላፍ ክንገብር ስለ ዝደለና፣ ዝቃወም እንተለ፡ ኣብ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ፡ ሕጊ ብዘአዝዞ መሰረት ካብ ዝምልከቶ ቤ/ፍ መአገዲ ትእዛዝ ወይ ይግባይ ተባሂሉሉ እንተኾይኑ ናይ መወዳእታ ውሳነ ሒዙ ናብ ቤት ጽሕፈት ፓብሊክ ኖታዮን ቤ/ጽ ሃገራዊ ካዳስተርን ይቕረብ። ተቓውሞ እንተዘይቀሪቡ ኦርጂናል ሰነዳትና ኣቕሪብና ጉዳይና ክንፍጽም ምዃንና እሕብር።

ወ/ሮ ብርኽቲ ተስፋየሃንስ ገብረክርስቶስ

ኣብ ዞባ ጋሽ ባርካ ንኡስ ዞባ ተሰነይ ምምሕዳር/ከባቢ ሰውራ፡ ብቑ/ፍቓድ ዋኒን GBL 00009267 ናይ እንዳ ፎርኖ C17 ትካለይ፡ ንኣቶ ኣማኒኤል ኣብርሃም፡ ኣድራሻ ዞባ ጋሽ ባርካ ንኡስ ዞባ ተሰነይ ምምሕዳር ከባቢ ሰውራ ብዕለት 27/01/2026 ብቑ.መዝገብ 5990118 ብውህብቶ ስለዝሃብክዎ፡ ብስም ወሃቢት ዝኾነሎ ዕዳ ኣለኒ ወይ ይግባኣኒ እዩ ዝብል ኣካል እንተድኣ ሃልዩ፡ እዚ ምልክታ እዚ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ ክሳብ ሰላሳ መዓልቲ፡ ስልጣን ንዘለዎ ቤት ፍርዲ ተቓውሞኡ የቕርብ። እንተዘይኮይኑ፡ ዝቃወም ኣካል ከምዘየለ ተቖጺሩ ናብ ስም ውህብቶ ተረካቢ ከምዝመሓላለፍ ነፍልጥ።

ግምጃ ኣድማሱ



ሓበሬታ

ሃገራዊ ማሕበር ብድሆ ኤርትራ

ኩሉ መዳያዊ ሓቅታት ኤች.ኣይ.ቪ. ንምፍላጥ ናብ ሃገርዊ ማሕበር ብድሆ ኤርትራ ኣገልግሎት ምኽሪ ብተሌፎን ደውሉ ።

ሰዓታት ስራሕ ካብ ሰኑይ ክሳብ ዓርቢ ንግሆ 8:00-12;00 ቅ.ቀትሪ ምሸት ድማ ካብ 2:00 – 6:00 ድ.ቀትሪ ብቑ. ስልኪ 110179 ደውሉ ።

ቁ.ሳ.ፖስጣ 5537: E-Mail: bidhonational@gmail.com

ስቕታ ጎዳኢ እዩ ደውሉ ብዛዕባ ኤች.ኣይ.ቪ ብግልጺ ንዘራረብ !!!

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ-ሳምራዊት መለስ

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዞባ ማእከል ኣስመራ

ይሕደጋ ርእሶም ገብረሚካኤል፡ ብዓል ቤተይ ተስፋዝጊ ሃይሉ ካሕሱ ስለዝዓረፈ፡ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 8 ደቂ ደማ ወረስቲ ምኻናም ደረጋገጸለም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን10/11/26 ኣብ ቤ/ፍ 10ይ መጋባእያ ይቕረብ፡፡

መሓመድ ዓሊ ዑመርዲን ኢብራሂም ምባል ተረፉ፡ መሓመድዓሊ ዑመርዲን ኢብራሂም ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን11/11/26 ኣብ ቤ/ፍ ቁ.47 ይቕረብ፡፡

ሄራን ተኽሉብርሃን ጎይትኦም ምባል ተረፉ፡ ሰለን ተኽሉብርሃን ጎይትኦም ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን17/11/26 ኣብ ቤ/ፍ 6ይ መጋባእያ ይቕረብ፡፡

ታረቕ መንግስትኣብ ተኽሉ፡ ኣደይ ብርኽቲ ተስፋዝጊ ዓ/ሚካኤል ስለዝዓረፈት፡ ኣነ ምስ 1 ሓወይ ወረስቲ ምኻንና ደረጋገጸልና ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን13/11/26 ኣብ ቤ/ፍ ቁ.47 ይቕረብ፡፡

ጎይትኦም ኣሰፋው ወልደሰላሴ፡ ወድና ሃኒ ጎይትኦም ኣሰፋው ስለዝተሰወአ፡ ኣነ ምስ ብዓልቲ ቤተይ ጥራይ ወረስቲ ምኻንና ደረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን17/11/26 ኣብ ቤ/ፍ 6ይ መጋባእያ ይቕረብ፡፡

ኣቶ ብርሃ ብሩ ተስፋማርያም፡ ኣደይ ሓዳስ ኢማን ዑቕባሚካኤል ስለዝዓረፈት፡ ኣነ ጥራይ ወራሲ ምኻነይ ደረጋገጸለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን12/11/26 ኣብ ቤ/ፍ 9ይ መጋባእያ ቁ.32 ይቕረብ፡፡

ጀማል ዛይድ መሓመድ ምባል ተረፉ፡ ኢሳይያስ ኣስመላሽ ወልደሰላሴ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን6/11/26 ኣብ ቤ/ፍ ቁ.47 ይቕረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ጻዕዳ ክርስትያን

ፍርቱና የማነ ተወልደመድህን፡ ስም ኣደይ ልኡላ የማነ ገብረእዝጊ ምባል ተረፉ፡ ልኡል የማነ ገብረእዝጊ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን17/11/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ መንደፈራ

ለምለም ኪዳነ ሓየሎም፡ ብዓል ቤተይ ጉርጃ ተኽለ ተወልደ ስለዝተሰወአ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 7 ደቂ ደማ ወረስቲ ምኻናም ደረጋገጸለም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን23/12/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዓዲ ኳላ

ገብረመድህን ወልዳይ ገብረእግዚኣብሄር፡ ኣቦይ ወልዳይ ገብረእግዚኣብሄር ስለሙኝን ኣደይ ገዐይ ገብረ ዑቕበን ስለዝዓረፉ፡ ኣነ ምስ 3 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምኻንና ደረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን26/11/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ተስፋይ ፍስሃየ ባይሩ ምባል ተረፉ፡ ተስፋይ ፍስሃ ባሪኡ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን26/11/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ጾሮና

ከሳሲት ወ/ሮ ክብራ መሻሾ በራኺ፡ ተኸሳሲ ተኽሉብርሃን ባርያሚካኤል በራኺ፡ ናይ ሓዳር ክሲ ቀሪቡልካ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን18/11/26 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ፡፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ንፈልጥ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ መቓርካ

ወ/ሮ ሽሻይ ከሰተ ገብረክርስቶስ፡ ብዓል ቤተይ ፍስሃየ ተኽለም ወልደ ስለዝዓረፈ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 3 ደቂ ደማ ወረስቲ ምኻናም ደረጋገጸለም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን9/11/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ከረን

ወ/ሮ ሃና ናብነ ንጉሰ፡ ብዓል ቤተይ ፍስሃጽዮን ገብረእግዚኣብሄር ንጉሰ ስለዝዓረፈ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 11 ደቂ ደማ ወረስቲ ምኻናም ደረጋገጸለም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን2/11/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ትርሓስ ስዩም ገብሩ፡ ስም ኣደይ ማርያ ኤርምያስ ሚኪኤል ምባል ተረፉ፡ ማርያ ኣርኤስቶ ማከለፍ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን11/11/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ሓልሓል

መሓመድ እድሪስ መሓመድ ምባል ተረፉ፡ መሓመድዓሊ እድሪስ መሓመድ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን12/11/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ኣቑርደት

ወ/ሮ ረዳኢት ወልደገብርኤል ክፍሎም፡ ብዓል ቤተይ መድሕን የውሃንስ መድሕን ስለዝተሰወአ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 7 ደቅና ደማ ወረስቲ ምኻናም ደረጋገጸለም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን19/11/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ኣፍዓበት

መሓመድሰዒድ መሓመድኑር ዑመር፡ ስም ኣደይ ርያድ ሰዒድ መሓመድ ምባል ተረፉ፡ ስተል ሰዒድ መሓመድ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን19/11/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

---

ብስም ወ/ሮ ለተብርሃን ተስፋይ ተኽለማርያም፡ ብቑጽሪ ፍቓድ ዋኒን DAL 2038 ቑጽሪ መዝገብ DAR-0876 ኣብ ዞባ ደቡብ ን/ዞባ ዓዲ ቐይሕ ዓዲ/ከተማ ዓዲ ቐይሕ ዝርከብ ናይ G-22 ትካለይ፡ ንወ/ሮ ኣብርሀት ብርሃ ሃብተሚካኤል፡ ኣድራሻ ዞባ ደቡብ ን/ዞባ ዓዲ ቐይሕ ዓዲ/ከተማ ዓዲ ቐይሕ - ተሌፎን 07494512፣ ካብ ዕለት 1/12/2026 ክሳብ ዕለት 31/12/2031 ኣካርየዮ ስለ ዘለኹ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ እዚ ምልክታ'ዚ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልቲ፡ ስልጣን ንዘለዎ ቤት ፍርዲ ተቓውሞኡ የቕርብ፡፡ እንተዘይቀሪቡ፡ ዝቃወም ኣካል ከምዘየለ ተቖጺሩ እቲ ክራይ ውዕል ሕጋዊ ምዝገባ ከምዝፍጸመሉ ኣፍልጥ፡፡

ለተብርሃን ተስፋይ

---

ኣብ ዞባ ደቡብ ን/ዞባ ዓዲ ቐይሕ፡ ዓዲ/ከተማ ዓዲ ቐይሕ ብቑጽሪ ፍቓድ ንግዲ DAL -1186 ቑጽሪ መዝገብ DAR-1027 ዝርከብ ናይ C17 ትካለይ፡ ንኣቶ ፊልሞን ተስፋኣለም ፍስሃየ፡ ኣድራሻ ዞባ ደቡብ ን/ዞባ ዓዲ ቐይሕ ዓዲ/ከተማ ዓዲ ቐይሕ ብዕለት 24/08/2026 መዝ 91/2026 ብውህብቶ ዝለገስኩሎ፡ ብስም ወሃቢ ዝኽፈሎ ዕዳ ኣለኒ ወይ ይግባኣኒ እዩ ዝብል እንተድኣ ሃልዩ፡ እዚ ምልክታ'ዚ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልቲ፡ ስልጣን ንዘለዎ ቤት ፍርዲ ተቓውሞኡ የቕርብ፡፡ እንተዘይቀሪቡ፡ ዝቃወም ኣካል ከምዘየለ ተቖጺሩ ናብ ስም ውህብቶ ተቐባሊ ከምዘመሓላለፍ ነፍልጥ፡፡

ኪዳነ ገብራይ በራኺ

---

ኣነ ውህብቶ ተቐባሊ ኣቶ ወልደኪሮስ ዑቕቢት ገብረማርያም፡ ኣብ ዞባ ደቡብ ን/ዞባ ድባርዋ ዓዲ ኸፈለት ምርሒት ዓዲ ጤሳ ዝርከብ ስፍሓት መሬቱ 15x20 ት/ሜተር ኣብ ዝኾነ፡ ሓደ ሳሎን ክልተ መደቀሲ ሓደ ሽቓቕን ሓደ ክሽነን ዘጠቓለለ ዘይንቀሳቐስ ንብረት ገዛ ሓትነይ ወ/ሮ መስቀላ ተስፋዝጊ ገብረሂወት፡ ኣብ ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ ኣስመራ ዕለት 18/09/2026 ብቑ/መዝ 448/2026 ቀሪባ ብውህብቶ ስለ ዝሃበትኒ'ሞ ናብ ስመይ ከመሓላልፎ ስለ ዝመደብኩ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልቲ፡ ሕጊ ብዘእዝዞ መሰረት ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ ናይ መአገዲ ትእዛዝ ወይ ናይ መወዳእታ ውሳነ (ይግባይ ተባሂሉ እንተኾይኑ) ሒዙ ናብ ቤት ጽሕፈት ፓብሊክ ኖታሪን ቤት ጽሕፈት ሃገራዊ ካዳስተርን ይቕረብ፡፡

ኣቶ ወልደኪሮስ ዑቕቢት ገብረማርያም

---

ብስም ማርያ ገብረትንሳኤ ተስፋማርያም ዝተመዝገበ፡ ብቑ.ፍ.ዋኒን ASL00040883 ዝኾነ፡ ኣብ ዞባ ማእከል ን/ዞባ ፓራዲዞ ጎደና እምበይቶ ቁ.ገዛ 7 ዝርከብ ናይ ድኳንን እንዳ ስጋን ትካለይ፡ ንኣቶ ሮቤል ተስፋይ መሓሪ፡ ኣድራሻ ዞባ ማእከል ን/ዞባ 4 ኣስመራ ጎደና እምባጠቐራ ቁ.ገዛ -- ካብ ዕለት 01/06/2026 ክሳብ ዕለት 31/12/2029 ኣካርየዮ ስለ ዘለኹ፣ ዝቃወም ምስ ዝህሉ፡ እዚ ምልክታ እዚ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ኣብ ውሽጢ ሰላሳ መዓልቲ፡ ስልጣን ንዘሎዎ ቤት ፍርዲ ተቓውሞኡ የቕርብ፡፡ እንተዘይቀሪቡ፡ ዝቃወም ኣካል ከምዘየለ ተቖጺሩ እቲ ናይ ክራይ ውዕል ሕጋዊ ምዝገባ ከምዝፍጸመሉ ነፍልጥ፡፡

ማርያ ገብረትንሳኤ ተስፋማርያም

---

ኣብ ዞባ ደቡብ ን/ዞባ ሰንዓፈ፡ ዓዲ/ከተማ ሰንዓፈ ብቑጽሪ ፍቓድ ንግዲ DAL-0319 ቑጽሪ መዝገብ DAR-0755 ዝርከብ ናይ G-22 ሃለኽቲ ትካለይ፡ ንኣቶ ሙክታር እስማዒል መሓመድ፡ ኣድራሻ ሰንዓፈ ዞባ ደቡብ ን/ዞባ ሰንዓፈ ዓዲ/ከተማ ሰንዓፈ ብዕለት 20/08/2026 መዝ 90/2026 ብውህብቶ ዝለገስኩሎ፡ ብስም ወሃቢ ዝኽፈሎ ዕዳ ኣለኒ ወይ ይግባኣኒ እዩ ዝብል እንተድኣ ሃልዩ፡ እዚ ምልክታ'ዚ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልቲ፡ ስልጣን ንዘለዎ ቤት ፍርዲ ተቓውሞኡ የቕርብ፡፡ እንተዘይቀሪቡ፡ ዝቃወም ኣካል ከምዘየለ ተቖጺሩ ናብ ስም ውህብቶ ተቐባሊ ከምዘመሓላለፍ ነፍልጥ፡፡

ሙክታር እስማዒል

# ስድራቤት

ዮሴፍ ሃይለማርያም

## ግርጭታትን ኣፈታትሓኡን ኣብ ሓዳር

ሉል ተስፋይ
ሚ/ዕ/ማ/ድሕነትን

ወዲ-ሰብ፡ ካብ ጥንቲ ኣትሒዙ፡ ኣካል ማሕበራዊ፡ ቁጠባዊ፡ ባህላዊ ተመኩሮታቱ ዝሓለፈ ነገር እንተ ነይሩ ግርጭታት እዩ። ግርጭታት ብዘተፈላለዩ፡ ማሕበራዊ፡ ቁጠባዊ፡ ውልቃዊ ምኽንያታት ተደሪኹ ኪጋጥም ዓቢ ተኽእሎ ኣሎ። ካብ ግርጭታት ናጻ ዝኾነ ዓለምን ሕብረተሰብን ምፍጣር ኣዝዩ ከቢድ ነገር እዩ።

ስቲቭ ኮቨይ፡ ዝተባህለ ምሁር ነዚ ኣመልኪቱ ክዛረብ ከሎ፡ "ብቐዓትን ዓቕምን ሰባት፡ ኣብቲ ዘጋጥሞም ጸገማት ዘይኮነ፡ ኣብቲ ኑቲ ዘጋጥሞም ጸገማትን ግርጭታትን ስዒቦም ዝሁብዎ፡ ግብረ መልስን ኣፈታትሓኡን ይምርኮስ" ክብል የመልክት። ቅድመ-ንጡፍ (proactive)፡ ዝኾነ ትንቢያን ርድኢትን ግርጭታትን ጸገማትን ምውናን፡ ኣብ ኣፈታትሓ ዘጋጥሙ ጸገማት ወሳኒ ምዃኑ ድማ ይጥቀስ።

ሰብ ሓዳር፡ ዝምስርትዎ ኣመለኻኽታን ኣጠማምታን፡ ከም ሰባት ንዘለዎም ስነ-ኣእምሮኣውን ኣካላውን ኣቃውማ ምሉእ ስእሊ ዝሁብ ምዃኑ ይጥቀስ። ስምዒታቶም፡ ሓሳባቶም፡ ባህርያቶም፡ መዘኽር ናይቲ ዝዓበዩሉ ሕብረተሰብ ምዃኑ ርዱእ ይውሰድ። ባህልታት፡ ክብርታት፡ ቅጥዕታት፡ ወግዕታት፡ ልምድታት ናይቲ ዝዓበዩሉ ሕብረተሰብ፡ ኣብ ምምእዛን ሓሳባቶምን ህይወቶምን ዓቢ ተራ ይጻወት። ኣብ ሓዳሮም ዘንጸባርቕዎ፡ ባህሪን ስምዒታትን ውጽኢት ውልቃዊ ተመኩሮታቶምን ኣብ ሕብረተሰቦም ዝረኸብዎ ምምሕባርን እዩ።

ምምስራት ዕውት ሓዳር፡ ወሳኒ ረቛሒ ንቀጻልነትን ማሕበራዊ ርግኣትን ሕብረተሰብ እዩ። ሓዳር፡ ኣብ መንጎ ክልተ እኹላት ሰባት ዝፀበር፡ ማሕበራዊ፡ ቁጠባዊ፡ ስነ-ኣእምሮኣዊ፡ ባህላዊ ወህደትን ሕብረትን ምስ ምዃኑ፡ መሰረቱ ዝኾኑ ኣቦን ኣደን፡ ወሳኒ ዝኾነ ማሕበራዊ ኣካልን ደራኺ ኩሉ ዓይነት ማሕበራዊ ርግኣት ዝኾነን ዓቢ ማሕበራዊ ውሳነ ይወስዱ ከምዘለዉ ክንገንዘቡ ኣገዳሲ ይኸውን። ሰብ-ሓዳር፡ ኣብ ግዜ ቅድመ ሓዳር፡ ብዛዕባ ሓዳሮም፡ ብደሆታቱን ዕድላቱን ዘለዎም ግንዛበ ብዝዮቦኦ ምስ ዘይህልዎ፡ ርጉእን ሰላማውን ህይወት ክመርሑ ዘሎ ተኽእሎ ውሑድ ምዃኑ ይንገር።

ዝበዝሐ እዋን፡ ዓይነታት ኣመሰራርታ ሓዳር፡ ዝተሰርዐ ሓዳር (arranged marriage)፡ ወለንታዊ ሓዳር (voluntary marriage)፡ ተባሂሎም ክፈላለዩ ይኽእሉ። ዝተሰርዐ ሓዳር፡ ኣብ ብርክት ዝበሉ ኣባታዊ ባህልን ክብርታትን ዘውንኑ ሕብረተሰባት ዓለም፡ ንነውሕ ዝበለ ዓመታት ክሰርሓሉ ዝጸንሐ እዩ። ኣብ ከምዚ ዝኣመሰለ ሕብረተሰባት፡ መንእሰያት እኹል ዕድመ ምስ በጽሑ፡ ስድራቤቶም ንብርክት ዝበለ ረቛሒታት ኣብ ግምት ብምእታው፡ ንዝሓረዩሎም መጻምዲ ክምርዓዉ ከለዉ እዩ። ኣብ'ዚ ካብ ድሌታትን ስምዒታትን መጻምዲ ንላዕሊ፡ ድሌታትን ቀዳምነታትን ወለዲ ዓብሊሉ ዝረኣየሉ መድረኽ ምዃኑ ይጥቀስ።

ወለንታዊ ሓዳር፡ ምስ ርእሰ ማልነትን ዘመናውነትን ቅርጺ ሕብረተሰባት ዓለም፡ ካብ ልምዳዊ ስድራቤት ናብ ዘመናዊ ስድራቤት ምስ ተቐየረ ብዝበዝሐ ኪጋጥም ዝጀመረ እዩ። ስድራቤታት ዓለም፡ ናብ ሕመረታዊ ስድራቤት ገጹ ክኸይድ ምስ ጀመረን ናብ ከተማታት ገጹ ብዝበዝሐ ክውሕዝ ምስ ጀመረን ህጻናት ዝያዳ ናጽነት ብዘለዎ መንገዲ ክዓብዩ ምስ ጀመሩን፡ ኣብ እዋን ኩትትናን መንእሰይን ዕድመኦም መጻምዶም ናይ ምምራጽ ናጽነት ክረኽቡ ጀሚሮም። ካብ ካልኣይ መፋርቕ 20 ክፍለ ዘመን ኣትሒዙ ድማ፡ ኣብ ዓለም፡ ብርክት ዝበለ ሓዳር ብወለንታዊ መንገዲ ክምስረት ጀሚሩ።

ኣብ ኣመሰራርታ ሓዳር፡ ዝሓሸ ግዜ ንሊላን ምፍላጥን ዝረኸቡ፡ እቶም ብወለንታዊ መንገዲ ኣብ ፍቕራዊ ዝምድናታት ክኣትዉ ዕድል ዝረኸቡ ሰብ ሓዳር እዮም። ኣብ መድረኽ ፍቕራዊ ዝምድና ኣብ ዝፀኑሉ እዋናት፡ ኣብ ብርክት ዝበለ ማሕበራዊ፡ ቁጠባዊ፡ ባህላዊ፡ ስነ-ኣእምሮኣዊ መዳያት ዝለዎም ፍልልያት ንምጽባብን ሓበራዊ ግንዛበ ንምፍጣርን ሓቢሮም ክዘራረቡ ድማ ትጽቢት ይግበር።

ኣብ መጻኢ ንዝምስርትዎ ሓዳር ኪጋጥሞም ንዝኽእል ጸገማት፡ ዝያዳ ንምብዳሆ፡ ምድላውን ድማ ኣብ ሓበራዊ ራእን ርድኢትን ኣብ ዝተመስረቱ ሃጽቲ ኣምራት ኣድሂቦም ክዘራረቡ ትጽቢት ይግበር። ኣብ ዙርያ ግርጭታት ሓዳር ኣመልኪቶም፡ ብብርክት ዝበሉ ክኢላታት ስነ-ሕብረተሰብ ዝተኻየዱ መጽናዕትታት ከም ዘመልክትዎ፡ ንሰብ ሓዳር ጠንቂ ግርጭታት ዝኾንዎም፡ ዝተፈላለዩ ባህርያት፡ ስምዒታት፡ ኣተሓሳስባ፡ ኣብ ቅድመ ሓዳር ኣብ ዝርከብ እዋናት፡ ብዝዮቦኦ እንተ ተዘቲዩሎም፡ ተኽእሎ ግርጭታት ብ60 ሚእታዊት ናይ ምጉዳል ተኽእሎ ከምዘለዎም ይጥቀስ።



ብሮማንቲካዊ ስምዒታትን ሃንደይታን ዝተሰነየ መድረኽ ፍቕራዊ ዝምድናታት፡ ካብ ዝፈጥሮ ዝዓበየ ጸገም፡ ንፍቕራዊ ብጻይካ ብዝዮቦኦ ከይፈለጥካ ናብ ሓዳር ምትያይ ይርከቦ። ሃንደይታ፡ ተፐንዘዮኣዊ ዓቕሚ ሰባት ስለዝጉድል፡ ኣብ ሓዳር ዘሎ ዕድላትን ብደሆታትን፡ ብዝዮቦኦ ኣብ ምምዝዛን ክህሉ ንዘዮጉብኦ ምድላዋት ብምዕንቃጽ፡ ስምዒታዊ ውሳነ መርዓ የኸትል። እዚ ዝፈጥሮ ድማ፡ ኣብ ሓዳር ንዘጋጥም ምግርጫዊት ሰዓብ፡ ዘይምርድዳእ ብምኽታል ናብ ፍትሕ ክምርሕ ዓቢ ተኽእሎ ኣሎ።

ኣብ 1990ታት ኣብ ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ ዝተገብረ ሓደ መጽናዕቲ ከም ዘጽርሖ፡ ዘይምርድዳእ ዝጠንቁ ተርእዮ ፍትሕ፡ ኣብ ቀዳማይ እዋን ዝተመስረተ ሓዳር (first marriage) 40 ሚእታዊት፡ ኣብ ካልኣይ እዋን ዝምስረት ሓዳር (second marriage) 65 ሚእታዊት፡ ኣብ ሳልሳይ እዋን ዝምስረት ሓዳር (third marriage) ድማ 75 ሚእታዊት ከምዝ ነበረ ይንገር። ጠንቂ ፍትሕ ዝኾኑ ረቛሒታት ድማ፡ ጉድለት ስነ-ኣእምሮኣዊ ብስለት፡ ዘይምሉእ ርድኢት ሓዳር፡ ፍልልይ ባህርያት ኣብ መንጎ ሰብ ሓዳር፡ ምንቅልቓል ባህልን ክብርታትን፡ ቁጠባዊ ምኽንያታት፡ ጾታዊ ርክብ ወዘተ ተጠቂሱ ምንባሮም፡ ኣብቲ መጽናዕቲ ተገሊጹ ይርከብ።

ካልኣይን ሳልሳይን ግዜ ኣብ ዝምስረት ሓዳር ዝርአ ልዑል ተርእዮ ፍትሒ፡ እቶም ቀንዲ ኣዕኑድ ሓዳር ዝኾኑ፡ ሕድገትን ምትእምማንን፡ ኣብቶም ንካልኣይን ሳልሳይን ግዜ ሓዳር ዝመስረቱ ተጻመድቲ ኣዝዩ ስለ ዝልሕልሕን፡ ኣብ ቀዳማይን ካልኣይን ሓዳሮም ዘጋጠሞምም ጸገማት፡ ዝፈጠሮ ስነ-ኣእምሮኣዊ ሃሰያ ብዝዮቦኦ ከይተፈወሰ ስለዝምስርትዎን ምዃኑ ድማ ይጥቀስ።

ዶክተር ዶረቲ ቶኖቭ ዝተባህለት ክኢላ ስነ-ኣእምሮ፡ ኣብ ዙርያ ሮማንቲካዊ ስምዒታትን ሃንደይታን ኣመልኪታ ኣብ ዘካየደቶ መጽናዕቲ፡ "ሃንደይታ ኣዝዩ ሓያል ስምዒት እዩ" ብምባል፡ ሃንደይታ ካብ ክልተ ዓመት ዝሓልፍ ዕምሪ ከምዘይብሉ ትጠቅስ። እዚ ስምዒታት ዘሰዕቦ ግጉይ ውሳኔታት ሓዳር፡ ኣብ መንእሰያት ቀጻሊ ከምዘጋጥም ድማ ትጠቅስ።

ዶክተር ኤም ስኮት ፔክ ዝተባህለ ካልእ ክኢላ ስነ-ኣእምሮ ብወገኑ፡ ሰባት ብፍቕራዊ ስምዒታት ክተሓዙን ተደላይቲ ክኾኑን ዝለዎም ድርኺት ኣመልኪቱ ክዛረብ ከሎ፡ "ተደላይን ተፈቃርን ምዃን ኣብ ዲ.ኤን.ኤ (DNA) ደቂ-ሰብ ዝርከብ መሰረታዊ ረቛሒ እዩ" ድሕሪ ምባል "ደቂ-ሰብ፡ ሓቢሮም ንኽነብሩን ቀጻልነት ህይወት ሕብረተሰቦም ንክቕጽልን ሓድሕዳዊ ፍቕርን ምክብባርን ኣገዳሲ ተግባር እዩ" ክብል ይውስኽ።



ሰብ-ሓዳር፡ ኣብ መንጎኦም ዝጋጥሙ ግርጭታት ንምፍታሕ ባዕላዊ ተበግሶ ክወስዱ ኣገዳሲ ስጉምቲ እዩ። ካብ ክልተ ዝተፈላለየ ማሕበራዊ ድሕረ ባይታ ዝመጹ ሰባት ምስ ምዃኖም፡ ኣብ መንጎኦም ዘሎ ፍልልያት ንምፍታሕ፡ ኣብ ሓባራዊ ርድኢትን ምኽብባርን ዝተሰረተ ናይ ምብህሃል መንፈስ ክህልዎም የገድስ። ስድራቤታዊ ግዜ ዘይምህላው ካብ ዝዓበዩ ጠንቅታት ግርጭታት ኣብ ሓዳር እዮም።

ዘመናዊ ዓለም ዝጠልቦ ዘሎ፡ ቁጠባዊ ጠለባት ንምምላእ ወለዲ ነዊሕ ሰዓታት ኣብ ስራሕ ክሕልፉ ይግደዱ ኣለዉ። ነዚ ስዒቡ፡ ፍልልያት ክፈጥረሎም ዝኽእል ሃዕባታት በብቑሩብ ተኣኪቡ፡ ክንዲ እምባ ምስ ኮነ፡ ናብ ረጽሚን ፍትሕን ይጓዓዩ። ኣብ ምኽሪ ሰብ-ሓዳር (marital counseling)፡ ንዊሕ ዓመታት ዝሰርሑ ብርክት ዝበሉ ክኢላታት ከም ዘጽርዎ፡ ዘይጭብጥ ትጽቢታትን ሃንቀውታን መጻምዲ፡ ምስ ጉድለት ብስለትን ስእነት ስድራቤታዊ ግዜን ተደሚሩ ንሰብ ሓዳር ቀጻሊ ከም ዘገራጭዎም ይገልጹ። ሰብ ሓዳር እንተውሓደ፡ ኣብ ሰሙን ሓንሳብ፡ ኩነታት ስድራቤቶምን ሓዳሮምን ክገምግሙ ድማ ኣገዳሲ ምዃኑ የመልክቱ።

ኣብ መንጎ ሰብ ሓዳር ዝጋጥም ግርጭታት ንምፍታሕ ብኣማኻሪት ሓዳር፡ ኣብ ግብሪ ካብ ዝውዕል ሜላታት ሓደ፡ ሚረረንግ (mirroring) ዝበሃል ኮይኑ፡ ኑቶም ኣብ መጻምዶም ዕግበት ዘይብሎም ሰባት፡ ኣብ ናይ በይኖም ክፍሊ ብምውሳድ፡ እቲ ንመጻምዶም ኣመልኪቶም ኣብ ቅድሚ ኣማኻሪ ሓዳር ክዘርዝርዎ ዝወዓሉ ጉድለታትን ነቐፌታን ንሰለስተ ግዜ ዓው ኢሎም ንኡብሶም ክብሉዋ ዝኀብር እዩ። ብድሕሪ እዚ ተግባር፡ እቲ ንመጻምዶም ክሰሉሉ ዝወዓሉ ጸገማትን ነቐፌታን ንኡብሶም ከም ዝበሉዋ ሓሲቦም ምስ በልዎ፡ ብቓላቶም መጻምዶም ከም ዝተጎድአ ይስወጦም እሞ፡ ምስ መጻምዶም ንዘለዎም ጸገም፡ ካብ ጸርፍን ነቐፌታን ብስልጡንን ምብህሃልን ምቕሉል ቃላትን ክፈትሕዎ ይሕግዞም።

ካልእ ኣብ መንጎ ሰብ ሓዳር ዝጋጥም ጸገማት ከም መፍትሒ ብኣማኻሪት ሓዳር፡ ኣብ ግብሪ ዝውዕል ድማ፡ ንግርጭት ዘጋጠሞም መጻምድቲ፡ ካብ ኣቦኦምን ኣደኦምን ዝረኸብዎ ዝዓበዩ፡ ካብ መጻምዶም ግን ዝሰደሎም ነገራት፡ ኣብ በበይኑ ክፍሊ ኣቐሚጥካ ክጽሕፍዎ ድሕሪ ምግባር፡ ኑቲ ዝጸሓፍዎ ነገራት ኣብ ንሓድሕዶም ከም ዝለዋወጡ ገይርካ፡ ሓድሕድ ትጽበታቶምን ድሌታቶምን ክርድኡ ኣብ ምግባር ዝሕግዝ ሜላ እዩ።

ናብ ክኢላታት ስነ-ሕብረተሰብን ስነ-ኣእምሮን ብምኻድ ኣብ ዙርያ ፍቕራዊ ዝምድናታት፡ ሓዳር፡ ብደሆታትን ዕድላትን ሓዳር፡ ኣተዓባብያ ቈልዑ ዘተኮሩ ምኽርታት ምቕባል ኣዝዩ ኣገዳሲ ነገር እዩ። እቲ መሰረታዊ ነገር ኣብ ዙርያ ምምስራት ብቑዕ ሓዳር ግን፡ ሰብ ሓዳር ባዕላዊ ተበግሶ ብምውሳድ፡ ንቕሓቶምን ፍልጠቶምን ከበርኹ ዝገብርዎ ውልቃዊ ጻዕሪ እዩ።

ሓዳር፡ ኣብ መንጎ ክልተ ተጻመድቲ ዝፀበር ወህደት ካብ ምዃን ሓሊፉ፡ ኣብ ምፍጣር ርጉእ ስድራቤትን ሕብረተሰብን ዘለዎ ተራ ኣዝዩ ወሳኒ እዩ። ሰብ ሓዳር፡ ሓዳር ኣብ ዝምስርቱሉ እዋናት፡ ካብ ኑብሶም ሓሊፉ፡ ንሕብረተሰብን ሃገርን ዝጠቅም ማሕበራዊ ተራ ይዋጽኡ ከም ዘለዉ ክፈልጡ የድሊ። ብዘይካ'ዚ፡ ንሃገርን ሕብረተሰብን ዝጠቅም ስራሕ ዝሰርሑ፡ ኣፍረይትን ብቑዓትን ህጻናትን ቈልዑን ናይ ምፍራይ ሓላፍነት'ውን ኣለዎም።

ክኢላታት ስነ-ሕብረተሰብ፡ "ምብኻብኻን ውድቀትን ሕብረተሰብ፡ ምስ ምፍሓቕ መበቆላዊ ባህሉን ክብርታቱን ብቐጥታ ይዛመድ" ድሕሪ ምባል፡ ዝዓበየ መርኣያ ማሕበራዊ ጸገማት ድማ፡ ኣዝዩ ልዑል ተርእዮ ፍትሕ ምዃኑ ይጠቕሱ። በዚ መሰረት፡ ወለዲ ንዘጋጥሞም ግርጭታት ብስልጡን መንገዲ ኣብ ዘፈትሑሉን፡ ርጉእ ስድራቤት ኣብ ዝሃንጹሉን እዋናት፡ ኣብ ኩለንትናዊ ሰላምን ርግኣትን ሕብረተሰብ ዓቢ ተራ ይጻወቱ ከም ዘለዉ ብምግንዛብ፡ ንቕሓቶም ብምዕባይ፡ ልቦናኦም ድማ ብምስፋሕን ሃናጺን ብሉጽን ማሕበራዊ ተራኦም ብዝዮቦኦ ክዋጽኡ ዓቢ ትጽቢት ይግበር።

ምንጪ፦ Dr. Gary D.Chapman; The 5 languages of Love

Daniel Goleman; Emotional Intelligence

Basic sociology (application)

# ዜና ዓለም

ሸዊት ተኽለ

## ልኡኽ ኣመሪካ ምስ ፕረዚደንት ፑቲን ዘትዩ



ልኡኽ ኣመሪካ ስቲቭ ዊትኮፍ፡ ትማሊ ረቡዕ ምስ ፕረዚደንት ሩስያ ቭላድሚር ፑቲን ኣብ ከተማ ሴንት ፒተርስበርግ ኣብ ዝኾዶ ርክቡ፡ ብዛዕባ ኩናት ሩስያን ዩክሬንን ከም ዝዘተየ ተሓቢሩ።

እዚ ዝተሓበረ፡ ፕረዚደንት ኣመሪካ ዶናልድ ትራምፕ፡ ዩክሬን ኑቲ ምስ ሩስያ እተካይዶ ዘላ ውግእ ደው ዘብል ስምምዕ ክትክትም ጸቒጢ ኣብ ዝገበረሉ ዘሎ እዋን እዩ።

እቲ ርክቡ፡ ኣብ ጸግዒ ናይ'ቲ ዊትኮፍ ምስ ፕረዚደንት ዩክሬን ቮሎዲሚር ዘለንስኪን ገለ መራሕቲ ኤውሮጳን ኣብ ኦስሎ - ርእሰ ከተማ ኖርወይ ዘካየዶ ዝርርብ እዩ ተኻይዱ።

ዊትኮፍ፡ ኣብ ምድማር ናይቲ ዘተ ብቴሌቪዥን ኣብ ዝሃቦ መግለጺ፡ ንኣመሪካ፡ ሩስያን ዩክሬንን ዘሳተፈ ስሉሳዊ ዝርርብ ዳግማይ ክጅምር ተስፋ ከም ዘለዎ ሓቢሩ።

ፑቲን ብወገኑ፡ ትራምፕን ዊትኮፍን እቲ ኩናት ብሰላማዊ መንገዲ ክዕረፍ ንዝገብርዎ ዘለዉ ጻዕሪ ኣመስጊኑ።

## ኣብ ናይጀርያ ሕማም ኢቦላ ተራእዩ

ኣብ ናይጀርያ፡ ድሕሪ ልዕሊ ዓሰርተ ዓመት ንፈለማ እዋን መልከፍቲ ሕማም ኢቦላ ከም እተመዝገበ ተሓቢሩ።

በዚ ድማ ናይጀርያ፡ መልከፍቲ ሕማም ኢቦላ ዝተራእየላ ራብዐይቲ ኣፍሪቃዊት ሃገር ኮይና ኣላ።

ኣብ ዝሓለፈ ግንቦት፡ ኣብ ደሞክራስያዊት ረፑብሊክ ኮንጎ መልከፍቲ ሕማም ኢቦላ ካብ ዝረጋገጽ ንደሓር፡ 4,646 ቡቲ ለበዳ ሞይቶም ከም ዘለዉ፡ ጸብጻባት የመልክቱ።

ሰብ መዚ ጥዕና፡ ግጉይ ሓበሬታን ሕጽረት ፊናንሲያዊ ምወላን እቲ ቫይረስ ኣብ ወሽጢ እቲ ዞባን ሰጊሩ ዶባትን ብቕልጡፍ ንኽሰፍሕ ጠንቂ ኮይኑ ከም ዘሎ እዮም ዝሕብሩ።

ዋና ዳይረክተር ማእከላት ምቁጽጻርን ምክልኻልን ሕማማት ኣፍሪቃ ጂን ካሴያ ትማሊ ረቡዕ ብመርበብ ሓበሬታ ኤክስ ኣብ ዘርገሖ ሓበሬታ፡ "ኢቦላ፡ ኣብዚ እዋን ንሰለስተ ዞባታት ኣፍሪቃ ጸልዩወን ኣሎ። ስለ ዝኾነ፡ እዚ ኩነታት ህጹጽ ስጉምቲን ዝለዓለ ደረጃ ፖለቲካዊ ኣመራርሓን ይሓትት፡" ክብል ኣተሓሳሲቡ።



ኣብ ናይጀርያ፡ ብ5 ጥቅምቲ ሓንቲ ኡጋንዳዊት ጓል ኣንስተይቲ ናብ ኣቡጃ - ርእሰ ከተማ ናይ'ታ ሃገር ድሕሪ ምእታዋ፡ እዚ ናይ ፈለማ መልከፍቲ ከም እተመዝገበ ዝሕብር ዘሎ።

እታ ግዳይ ተወሺባ ሕክምናዊ ክንክን ይግበረላ ከም ዘሎ ዝረድኡ ሰብ መዚ ጥዕና ናይጀርያ፡ ምስ'ታ ግዳይ ርክብ ዝጸንሖም 44 ሰባት ከም እተለለዩን መብዝሕትኦም ድማ ሰራሕተኛታት ክንክን ጥዕና ምዃኖምን ገሊጾም።

ምስኣ ዝተጓዕዙ ገያሾውን ኣብ ሕክምናዊ ክትትል ከም ዝርከቡ፡ እቶም ሰብ መዚ ጥዕና ወሲኾም ኣረዲኦም።

## ቱርኪ፡ ምስ ሰለስተ ሃገራት ወተሃደራዊ ስምምዕ ከቲማ

ቱርኪ፡ ቀጠር፡ ፓኪስታንን ኢንዶኔዥያን ወተሃደራዊ ዓቕመንን ምትሕብባረንን ንምሕያል ስምምዕ ከም ዝኸተማ፡ ሚኒስትሪ ምክልኻል ቱርኪ ኣፍሊጡ።

እቲ ሚኒስትሪ ኣብ ዘውጸኦ መግለጺ፡ እተን ሃገራት ኣብ ዶሓ - ቀጠር 'ባድር' ዝተሰምየ ናይ ማዕከር ስምምዕ ከም ዝኸተማ ድሕሪ ምግላጽ፡ እቲ ስጉምቲ፡ ወተሃደራዊ ምትሕግጋዘን ዝያዳ ንምሕያልን ሽርክነት ንምምዕባልን ንዘለወን ድልየት ዘርኢ ምዃኑ ኣመልኪቱ።

ስምምዕ ባድር፡ ኣብ መንጎ ኢንዱስትሪታት ምክልኻል ናይተን ሃገራት ዘሎ ርክብ ዘሐይልን ጸጥታ ንምድንፋዕን ሓባራዊ ዕላማታት ንምዕዋትን ንዘሎ ምትሕብባር ዘደልድልን ምዃኑ፡ እቲ ሚኒስትሪ ወሲኹ ገሊጹ።

እቲ መግለጺ ቀጺሉ፡ እቲ ስምምዕ ልዑል ቁጠባዊ ኣገዳስነት ከም ዘለዎ ድሕሪ ምጥቃስ፡ ኣብ ቴክኒካዊ ወተሃደራዊ ስልጠና፡ ምርምርን ምዕባለን ዝጸንሐ ስሉሳዊ ምትሕብባር ድማ ዝያዳ ንምሕያል ዝዓለመ ምዃኑ ኣረዲኡ።

ካልኣይ ዝዓበየ ሰራዊት ኪዳን ሰሜን ኣትላንቲክ ተዋፊሩላ ዘሎ ቱርኪ፡ ኩናት ኢራን ድሕሪ ምውላዕ፡ ቀጠር ንእትርከበን ሃገራት ወሽመጥ ዓረብ ናይ ምክልኻል ዓቕመን ንምድልዳል ሓገዝ ክተበርክት ምጅንኣ ይፍለጥ።

ቱርኪ፡ ኣብ ዝሓለፈ ኑሓሰ ምስ'ታ ኑክለስያዊ ኣጽዋር እትውንን ፓኪስታንን ስዑዲ ዓረብን ናይ ምክልኻል ውዕል ከም ዝኸተመት ዝዘከር እዩ።

ብመሰረት እቲ ውዕል፡ ኣብ ልዕሊ ሓንቲ ሃገር መጥቃዕቲ ምፍጻም ማለት፡ ኣብ ልዕሊ'ተን ኑቲ ስምምዕ ዝኸተማ ሃገራት ኩናት ምእዋጅ ማለት ምዃኑ፡ ሰለስቲአን ሃገራት ኣብ እዋኑ ኣብ ዘውጽኣኦ ሓባራዊ መግለጺ ኣፍሊጠን ምንባረን ኣይርሳዕን።



## እስራኤል፡ ንውሳነ ሊብያ ብትሪ ኰኒናቶ



እስራኤል፡ ምብራቓዊ ባይቶ ሊብያ ምስ ቱርኪ ንዘበሮ ስምምዕ ዶባት ብትሪ ከም እትቃወሞ፡ ትማሊ ኣብ ዝሃበቶ መግለጺ ኣፍሊጣ።

እዚ ብሰለስ ዝጸደቐ ስምምዕ፡ ኣካል ናይ'ቲ ንዓመታት ዝቐጸለ ንጠለባት ዶባት ባሕርን መሰል ዳህሳስ ጸዓትን ኣብ ምብራቓዊ ማእከላይ ባሕሪ ኣመልኪቱ ክካየድ ዝጸንሐ ክርክር እዩ።

ሚኒስትሪ ጉዳያት ወጻኢ እስራኤል ኣብ ዘውጸኦ መግለጺ፡ "እቲ ዘሕዝን ሕጂ'ውን ቱርኪ ኣብ ዘይምርግጋእ ዞባ ምብራቓዊ ማእከላይ ባሕሪ ክትሰርሕ ንርኢ ምህላውና እዩ" ኢሉ።

በዚ ድማ መራሕቲ እስራኤልን ቱርኪን ብጉዳይ ሶርያ ከምኡ'ውን ብጉዳይ'ቲ ኣብ ቓዛ ዝካየድ ዘሎ ኩናት ኣብ ክርክር ተጸሚዶም ኣብ ዘለውሉ እዋን ኑቲ ክለዋወጡዎ ዝጸንሑ ናይ ቃላት ኩናት ኣሐዩሎሞ ኣለዉ።

ግሪኽ ብወገና፡ እቲ ጸዲቑ ዘሎ ዶባዊ ስምምዕ ንናይ ግዝኣ ርእሳ ጠለባት ባሕሪ ዝጥሕስ ምዃኑ ብምግላጽ፡ ብትሪ ተቓዊማቶ ኣላ።

ኣባላት ኪዳን ሰሜን ኣትላንቲክ (ኔቶ) ዝኾና ግን ከኣ ታሪኻውያን ተቐናቐንቲ ምዃነን ዝንገረለን ግሪኽን ቱርኪን ብጉዳይ ዶባት ባሕሪ ኢስያን ምብራቓዊ ማእከላይ ባሕርን ካብ ነዊሕ እዋን ኣትሒዘን ክከራኸራ ምጽንሐን ይፍለጥ።

ግሪኽ፡ ግብጺን ቆጵሮስን ኑቲ ኣብ መንጎ ሊብያን ቱርኪን ዝተበጽሐ ስምምዕ ዶባት ባሕሪ ካብ ነዊሕ እዋን ኣትሒዘን ክቃወማኦ ምጽንሐን ዝፍለጥ ኮይኑ፡ እተን ሃገራት ኣብ 2020 ኣብ ምብራቓዊ ማእከላይ ባሕሪ ፍሉይ ቁጠባዊ ዞባ ንምፍጣር ስምምዕ ከቲመን ምንባረን ይሕበር።

## ዒራቕ፡ ምስ ኢራን ዘራኽባ ዶባ ዓጽያቶ



ዒራቕ፡ ኩነታት ጸጥታ ንምምዝጋምን ምስግጋር ዘይሕጋዊ ንብረት ንምግታእ ዝሕግዘ ናይ ዳህሳስ መሳርሒታት ንምትካልን ብዝብል ምኽንያት፡ ኑቲ ምስ ኢራን ዘራኽብ መሳገሪ ዶብ 'ሺብ' ከም ዝዓጸወቶ፡ ሓደ ብዓል ስልጣን ዶብ ዒራቕ ሓቢሩ።

በዚ ድማ፡ መሳገሪ ዶብ ሺብ ክሳብ ንተጓዓዝትን ተሽከርከርትን ተወሳኺ ሓበሬታ ዝወሃብ ንግዚኡ ክዕጾ ምዃኑ፡ ካልኦት ምንጭታት ኣመልኪቶም።

ብዘይካዚ፡ እቲ ኣብ ኢራን ብ ቓዛበህ ዝፍለጥ ዶብ ብወሳኒ መንግስቲ ዒራቕ ንግዚኡ ክዕጾ ምዃኑ፡ ኣገልግሎት ዜና ኢራን ንሓደ ኢራናዊ ብዓል ስልጣን ጸጥታ ብምጥቃስ ኣብሪሁ።

እቲ ኣገልግሎት ዜና ወሲኹ፡ ኣብ'ቲ ዶብ ክካየድ ዝጸንሐ ንጥፈታት ዳግማይ ንምቕጻል፡ ኣብ መንጎ ሰብ መዚ ሚኒስትሪ ውሽጣዊ ጉዳያት ኢራንን ዒራቕን ዝርርብ ይካየድ ከም ዘሎ ገሊጹ።

ተጓዓዝትን ናይ ጽዕነት መካይንን ንግዚኡ ንዶብ ሻላምቸህ ክጥቀሙ ዝሓበረ'ቲ ብዓል ስልጣን ዒራቕ፡ ሃገሩ ኣብ ዝሓለፈ ማዕከረም ድሕሪ'ቲ ኣብ ልዕሊ ስዑዲ ዓረብ ዝተፈጸመ መጥቃዕቲ ሰብ ኣልቦ ነፈርቲ፡ ዝ. ዶብ'ውን ንግዚኡ ዓጽያቶ ከም ዝጸንሐት ኣረዲኡ።

ስዑዲ ዓረብ፡ እተን ሰብ ኣልቦ ነፈርቲ ካብ ዒራቕ ተበጊሰን ኑቲ መጥቃዕቲ ከም ዝፈጸማኦ ኣብ እዋኑ'ኳ እንተ ከሰሰት፡ ዒራቕ ግን ኑቲ ጉዳይ ኣመልኪታ ዛጊት ርእይቶ ኣይሃበትን ዘላ።

| ተረኛ ፋርማሲ | ዕለት | ጎደና | ቁ.ስልኪ |
| --- | --- | --- | --- |
| ፋርማሲ ኢምፔሮ | 22/10/2026 | ጎደና ሓርነት ቁ.158፡ ፊት ሲነማ ኢምፔሮ | 121480 |

ፋርማሲ ቁ.1 መዓልታውን ለይታውን ኣገልግሎት ትህብ  ቁ.ቴሌፎን 127565

Sabur Printing Services